# ነባሪ ስትራተጂካዊ ፖሊሲ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ: ፖለቲካውን: ቁጠባውን: ወትሃደራውን: ጸጥታውን: ትንታኔ::
# ጂኦ-ፖለቲካዊ ውጽኢቱን ብግዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት!!!

**መእተዊ:-**

እዛ ሕጂ ኢትዮጵያ ተባሂላ እትጽዋዕ ዘላ ሃገር: ብጂኦ-ግራፊያውን: ዲሞ-ግራፊያውን ኣቓውማ: ሃገራት ምዕራብ ንኣህጉር ኣፍሪቃ ድሕሪ ምጉዝዛየን: ብውጺኢት ናይ'ቲ ድሕሪ ምምቕቓል ናይ ወራር ዝቖመትን: ምኒሊክ 2ይ ድማ ምስ እንግሊዝን ጣልያንን ዝገዝኣን ዝነበረ ሃገራት: ዶባተን ኣብ ምሕንጻጽ ብዝተኸተመ ስምምዕ: ድሕሪ ኤርትራ ከም ሃገር ብጥልያን ምቛማ ዝተመስረተት ሃገር ኢያ:: እዛ ናይ ሕጂ ኢትዮጵያ ድሕሪ እቲ ኤርትራ ከም ግዝኣት ጥልያን ምፍላጣን: ከም ሓንቲ ግዝእቲ ሃገር ጣልያን ምፍላጣ ዝተኸተመ መወዳእታ ውዕል ሕንጻጽ ዶብ: 1900:1901: 1908: ኢትዮጵያ ከም ሃገር ኣብ 1913 ኢያ ቖይማ:: ንዝያዳ ንጹር ሓበሬታ ንምርካብ ዝስዕብ ጥብቆ ቅዳሕ ተመልከት:- https://en.wikipedia.org/wiki/Ethiopia

ናይ ሎሚ ኤርትራ: መግዛእታዊ ጥልያን ድሕሪ ናብ መሬት ኤርትራ እግሩ ምንባሩ ዓመተ 1989: ኣብ ትሕቲ መግዛእታዊ መሓውራቱ ምስ የእተዋ: ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት ክሳብ ናይ 1900-1901-1908 ዝተኻየደ ውዕል ሕንጻጽ ዶባት ዝቖመት ሃገር ኢያ:: ንዝያዳ ሓበሬታ ምርካብ ጥብቆ ቅዳሕ ተመልከት:- https://en.wikipedia.org/wiki/History_of_Eritrea

ስትራተጂ ኢትዮጵያ: ኣብ ልዕሊ እዛ ናይ ሎሚ ሓዳስ ሃገረ ኤርትራ: ኣብ ሕቶ ምንጪ ዋንነት ናይ ባሕሪ ኣፍ-ደገ ምቁጽጻር ዝተሰረተ: ሕዱር ፖለቲካውን ቁጠባውን: ወትሃደራውን: ጸጥታውን ቅማሬ ዝተበገሰ: መሰረታዊ እትዋት ምንጪ ቁጠባዊ ጥሙሓት ነባሪ ወትሃደራዊ እምነ ኩርናዕ ምትካል ዋልታ (ስትራተጂ): ምክልኻልን ምስፍሕፋሕን ኣፍሮ ሓበሻውነትን: ዕብለላ ኣብ ልዕሊ ኣፍሮ ዓረባውን ዞባዊ ምቁጽጻር ዞባ ቀይሕ ባሕርን ኢዩ ዝብገስ::

ኣዲስ ኣበባ ነዚ ዕላማ እዚ ንምትግባር: ንኣስመራ ብኣፍሮ ሓበሻዊ ጽልግልግን: ኣፍሮ ዓረባዊ ምጥንናግን ኣሳቕያ ክትበታትና ኢያ እትደሊ::

ነዚ ንምትግባር ከኣ: ካብ ቀዳሞት መሳፍንቲ ኢትዮጵያ: ክሳብ እዚ ሕጂ ብስም ወያነ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ፖለቲካዊ ጉጅለ ዝሰርሕሉ ዘሎ ጉዳይ ኢዩ:: ነዚ ኣመልኪቱ ናይ ትማሊ ናይ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣቦ ወንበር ዝነበረ መለስ ዜናዊ: ካብ ሚያዝያ 1990: ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ምስ ኣባል ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካ (ማወስ) ዝኾነ ፓወል ቢ ሄንዝ ዘካየዶ: ንዘቤታዊ ጉዳያት ኢትዮጵያን: ንፖለቲካውን: ቁጠባውን: ወትሃደራውን: ጸጥታውን ጉዳይ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ስትራተጂካዊ ፖሊሲ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ እንታይ ምኻኑ ኣነጺርዎ ኣሎ:: ንምርግጋጽ ጥብቆ ቅዳሕ ዝርዝሩ ተመልከት:-
https://www.yumpu.com/en/document/view/12059938/paul-henzes-coversations-with-meles-zenawi-ethiopian-observer

ኣብ'ዚ ፓወል ቢ ሄንዝ ንመለስ ዜናዊ ዘካየደሉ ቃለ መሕትት: መለስ ዜናዊ ይጠቅስ:- "ኤርትራውያን ብዘካየድዎ መሪር ቃልሲ ሕቶኦም ነጻነት ክሳብ ዝኾነ: ነጻነቶም ክረኽቡ ናይ ግድን ኢዩ:: ነዚ ንሕና ክንዓግቶም ኣይንኽእልን ኢና:: ኮይኑ ግን: እቲ ናይ ነጻነት ዕድሚኦም ልዕሊ 10 ዓመት ዝኸይድ ኣይኮነን:: ኣብ ውሽጠም መታሕትን: ከበሳን ኢሎም ኣብ ሓድሕዶም ክጣቐሱ ኢዮም:: ትግራይ ናይ ግድን ኣፍ-ደገ ባሕሪ ስለ ዘድልያ ኸኣ: ንሕና ከም ህዝባዊ ወያነ

***ሓርነት ትግራይ፡ ቀደምትነትን ልዕሊ ኹሉን ናይ ትግራይ ኢዩ ዘገድሰና። ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ ምእንቲ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ክንረክብ ንነጻነት ኤርትራ ክንቅበል እንከለና፡ መወዳእታ ዕላማ ሽቶ ቓልስና 'ውን ነዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ኢዩ። እቲ ዕድመ ነጻነት፡ ካብ 10 ዓመት ዝሓልፍ ኣይኮነን። ብድሕሪኡ ንሕና ዘይኮነ ንኤርትራውያን ንደልዮም፡ ባዕሎም ኤርትራውያን ማዕጾና ኳሕ-ኹሓም ክልሙኑና ኢዮም። እቲ ጸወታ ናብኦም ኢና ክንሓድጎ፡" ክብል ኢዩ ኣብ'ቲ ቃለ መሕትት ናይ ሚያዝያ 1990 ገሊጹ ዘሎ።***

***እዚ ማለት መለስ ዜናዊ፡ ንኤርትራ በቲ ናይ ኢትዮጵያ ኣፍሮ ሓበሻዊ መንነት ክብክላ እንከሎ፡ ክፋል መሬታ ኸኣ ብኣፍሮ ዓረባዊ መንነት ንምምቕቓላን፡ ቐንዲ ናይ ህላዌኣ ውሕስነት ዝኾነ እምነ ኩርናዕ ሓድነታ ሕቘኡ ክሰብሮ ኢዩ ዕላማ ስትራተጂ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ። እዚ እቲ ሓቂ ዝሸይድ ዘሎ መስርሕ ስትራተጂ ኢትዮጵያ ኢዩ። ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት፡-*** ***ምምምቕቓል ሊንክ***

***ኤርትራ ግን ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት 'ምበር፡ ኤርትራ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኣፍሮ ሓበሻውነትን፡ እቲ ኣብ ስግር ባሕሪ ማእከላይ ምብራቕ ዘሎ፡ ናብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝስንዶ ኣፍሮ ዓረባውነትን ዝምልከታ ሃገር ኣይኮነትን። እታ ናይ ትማሊ ግዝእቲ ኤርትራ፡ ናይ ሎሚ ዘመናዊት ኤርትራ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት 'ምበር፡ ኣፍሮ ሓበሻዊ ዓረባውነት ኣይምልከታን ኢዩ።***

***ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ኸኣ፡ ንኤርትራዊ ሃገራውነትን፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነትን፡ ኣብ ሰረት ህላዌ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣቐሚጡ ዝርኢ ምትካል ዋልታ 'ምበር፡ ስትራተጂካዊ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ፡ ብዓሌት ደረጃ ዝጥምት ፖሊሲ የብሉን። ኤርትራ ካብ'ዚ ፖሊሲ እዚ ተበጊሳ ኣባልነታ ኣብ ዝኾነ ኣህጉራውን ዞባውን ውድባት፡ ንሃገራዊ ረብሓታታ ኣብ ዘቐድም ዞባውን ኣህጉራውን ምትእኽኻባት ስለ እተቐድም ኢያ፡ ነቲ ኣፍሮ ሓበሻውነትን፡ ኣፍሮ ዓረባውነትን ዘይትቕበሎ። ኤርትራ ንዘቤታውን ወጻእን ህላዌ ርእሰ ምትካል ዋልታኣ (ስትራተጂኣ)፡ ኣብ ፖለቲካውን ቁጠባውን ወትሃደራውን ጸጥታውን ኸኣ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ምርግጋጽን ነጻን ሓራን ብናይ ግዳም ሓይሊ ዘይብወዝን ዘይምረዝን፡ ኣብ ምድባርን፡ ምድንባርን ዘይኮነ፡ ኣብ ርእሰ ምርኮሳ ዝሕመረቱ ነጻን ሓራን ፖለቲካዊ መስመር ኢዩ ዝኽተል። ወትሃደራዊ ስትራተጂ መንግስቲ ኤርትራ ኸኣ፡ ናይ ዝኾነ ናይ ግዳም ወትሃደራዊ ሓይሊ መዓስከር ኣብ መሬቱ ዘየፍቅድን፡ ወትሃደራዊ ሓይሉ ኣብ ሻራዊ ፖለቲካዊ መስመር ዘየሳትፍን፡ ሓርነቱን ነጻነቱን ዘረጋገጸ ፖሊሲ ኢያ እትኽተል ናይ ሎሚ ዘመናዊት ሃገረ ኤርትራ። ኤርትራ ንጸጥታዊ ስትራተጂ ብዝምልከት፡ ኣብ ስልቲ ዝተሰረተ ናይ ጎቦን ጎልጎልን ዝምድና ዘይኮነ፡ ነባሪ ናይ ሰላምን ምርግጋእን ባይታ ዘጣጥሕ መትከላዊ እምነ ኹርናዕ ዝሰረቱ ጸጥታዊ ስትራተጂ ኢያ እትኽተል። ኤርትራ ወይ ጎቦ! ወይ ምስ ጎቦ! ዝብል፡ ናይ ኣዛዝን ተኣዛዝን ዘለዎ ወጻኢ ዝምድናታት ኣይትቕበሎን። መርሓ ስትራተጂ ሃገረ ኤርትራ፡ ንነብሳ ክብሪ ሉኡላዊ ነጻነታ ዓቒባ፡ ካብ በትርን ካሮትን ነጻ ዝኾነ ወጻኢ ስትራተጂ እትኽተል ሃገር ኢያ።***

***እዛ ጌና ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን፡ ካብ መስፍናዊ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባን፡ መስፍናዊ ባህላዊ ኢትኒካዊ ኣቓውማ ዘይተላቐቐት ዘላ፡ ኣብ ናይ ትማሊ መስፍንነት ዝገርዘመት ኢትዮጵያ፡ ካብ'ቲ ልዒልና ዝጠቐስናዮ፡ ካብ ግዝኣት ምኒሊክ 2ይ ዝተመስረተትሉ እዋን፡ ነቲ ግዝኣት ዝተቐበለ ንጉስ ኢያሱን፡ ስዒቡ ዝመጸ ሞኣ ኣምበሳ ዘእምነገደ ይሁዳ ኢሉ ንነብሱ ዝሰየመ ሃይለስላሴን፡ ንዕኡ ዝዓለወ መንግስቱ ሃይለማርያምን፡ ብሰውራ ኤርትራ ተደጊፉ ናብ ስልጣን ዝመጸ መለስ ዜናውን፡ ድሕሪ ሞቱ ዝተክኦ ሃይለማርያም ደሳለኝን፡ ድሕሪ ሕጂ 'ውን ዝቕጽሉ ነዚ ዘይተሓጽበ ነባሪ ስትራተጂካዊ ፖሊሲ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ፖለቲካውን ቁጠባውን ወትሃደራውን ጸጥታውን ኣብ ዝምልከት፡ ግዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ዊዲታት፡ ካብ ጭቡጥ ክውንነታውን ስነ-ፍልጠታዊ ቅማሬ ብምብጋስ፡ ጭቡጥ ትንታኔ ከነካይድ ኢና። ሰናይ ንባብ፡-***

# ነባሪ ስትራተጂካዊ ፖሊሲ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ: ፖለቲካውን: ቁጠባውን: ወትሃደራውን: ጸጥታውን ትንታኔ::

# ጂኦ-ፖለቲካዊ ውጽኢቱን

ኣዲስ ኣበባ ንቕማሬ እምነ ኹርናዕ ዋልታኣ (ስትራተጂኣ): ኣብ'ዘን ዝስዕባ ጽሟቕ ነጥብታት ብምስፋር ኢያ ትልምታታ እተካይድ::

1. ኣብ ውሽጣዊ ምሕደራኣ: ናብ ግዳም ገጹ ዝጎስዕ ዘይተገርሐ ገባትን ዓማጽን ኣሳርን ዝኾነ ካብ ህዝቢ ዝረሓቐ: ኣብ ክሊ ሓይሊ የጽንዕ በትረ መንግስቲ ዝሕመረቱ ስልጣን ምርግጋጽ::

2. ኣብ በትርን ካሮትን ዝተሰረተ; ፖለቲካውን ቁጠባውን ወትሃደራውን ጸጥታውን ኣጀንዳ ካብ ነጻን ሓራን ፖለቲካዊ መስመር ወጻኢ: ብዋጋ ኽድምና ህይወት ዜጋታትካ ብምሻጥ: ንኣህጉራዊ ፖለቲካዊ ጥሙሓት ሰብ ፍሉይ ረብሓ ንምግልጋል: ኣህጉራዊ ፖለቲካውን ወትሃደራውን ትኳቦ ቁጠባዊ ርውየትን ኣብ ዝዓለመ ሓይሊ ምጥቃምን: ብዋጋ ብርሰትን ግህሰትን መሰል ህዝብታትን ሃገራት ዞባናን: ናይ ወጻኢ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ምትግባርን: ካቡኡ ክትረብሕ ሕሳባትካ ምቕማርን: ነዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ናይ ግዳም ሓይሊ ምትእትታውን ተለኣኣኺ ኮይንካ ምውጥይጣይን::

3. ብዋጋ ምልሓቕን ምፍርራሕን: ምንዋጽ ሰላም ጎረባብቲ ሃገራት ርሒቑ ዝኸይድ (ሮማዲ) ሮማዳዊ ዶባዊ ወትሃደራዊ ዝርጋሐ ዝኽተል: ቁጠባውን ፖለቲካውን ወትሃደራውን ጸጥታውን ፖሊሲ ምስራጽን ምኽታልን::

4. ንዓብላልነት ኣፍሮ ሓበሻውነት: ኣብ ልዕሊ ኣፍሮ ዓረባውነት ርእሰ ኩሉ ብምንጋስ: ናይ ዞባዊ ጎይትነት ምርግጋጽን: ፍሩይ ናይ ድቃቕ ደቀቕቲ ኮይንካ ክትወጽእ ምድላይ ዘሎ ሒቕታን::

5. ኣብ ዝናን ባህታን ዝሰረቱ: ኣብ ባይታ ዘይተረጋገጸ ናይ ብሂል ፖለቲካዊ መናውራ ምክያድ::

ናዕታ ህርመት ፖለቲካዊ ፖሊሲ ኢትዮጵያ: ምስ'ዚ ሓሙሽተ ነጥብታት ተማሓዲጉ ዝኸይድ ተገራጫዊ ነጥብታት 'ኳ እንተዘይኮነ: ወትሩ ናይ'ዚ ሓሙሽተ ነጥብታት ከም ሓዲድ መንገዲ ባቡር ብማዕረ ንምትግባሩ ዝኸይድ መርሓ ኣይኮነን::

ኣብ ቅማሬ ድህሰሳ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኢትዮጵያ: ንጉዕዞ ከይዲ ዘመናት ዘነጽርን ዝፍትሽን ጥቕላል ናይ'ቲ ዘይተተትዐ ዘይቅርዑይ ፖሊሲታት ንምድህሳስ ዘይኮነ: ነቲ ነድኢ ሰብ ፍሉይ ረብሓን: ውሽጣዊ ጥሙሓት ኣዲስ ኣበባ ዘበገሶ ቅሉዕ ወራር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብምምኽናይ: ኸሊሰዮ ኢሉ ቅሉዕ ዝገበሮ ነባሪ ስትራተጂካዊ ፖሊሲ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ: ፖለቲካውን ቁጠባውን ወትሃደራውን ጸጥታውን ሰነድ ዝፍትግ ክኸውን ኢዩ:: ኣዲስ ኣበባ ብዘይካ እዚ: ኣብ ልዕሊ ኣንጻር ኣስመራ ዘካየዶ ኩናት: ንምድኻም ናይ'ታ ሓዳስ ሃገረ ኤርትራ ካብ ዘለዋ ጥሙሓት: ኣዲስ ኣበባ ነቶም ከይተበገሱ ዝጠፈሹ ሓይልታት ሰሪዓ ብምስልጣን ንእተዋፍሮ ዘላ ሓይሊ ክሰልጣ ኣይከኣለን ዘሎ:: ንዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ'ቲ ውደባን ስልጠናን ቅዳሕ ጥብቆ ሊንክ ተመልከት:-

http://peacebuilding.no/var/ezflow_site/storage/original/application/9f9d5d39afa27ee550f5632f9b6d03e4.pdf

ንዘይተገርሐ ጭልዶ ወጻኢ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ክንፍትግ እንከለና: ካብ ምፍላም ናይ'ቲ ዘይዕዉት ፖሊሳዊ ሕንጻጽ ዘይኮነ እንትንትን: ክሳብ ነዚ ጸብጻብና ናብ መርበብ ሓበሬታ ልኢኽና: ኣብ ሰደቓ መርበባት ሓበሬታ ተሰቒሉ ንንባብ ክሳብ ዝበጽሓሉ እዋን ዘሎ ግዜ ዘካትት ክሳብ ዝኾነ: ኣዲስ ኣበባ ብምሕብሓብ ሰብ ፍሉይ ረብሓ: ንክፋል ሉኡላዊ መሬት ኤርትራ ጎቢጣ ሒዛትሉ ኣብ ዘላ እዋን: ኣስመራ ነቲ ነባሪ ስትራተጂካዊ ፖሊሲኣ: ብድሌት ኣዲስ ኣበባ ዝቕየስ ሓድሽ

***ፖሊሲ ከተተኣታቱ፡ ነዚ ጠለብ ኣዲስ ኣበባ ኣስመራ ዘይትርዕሞ እንተኾይና፡ ኣዲስ ኣበባ ንስርዓት ኣስመራ ካብ ሱሩ ክትብንቁሶ ምኳና ክትግዕረሉ ንዝጸንሐት ፖሊሲኣ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ከኣ ኣዲስ ኣበባ ብመንገዲ ቀዳማይ ሚኒስተራ ሃይለማርያም ደሳለኝ ኣቢላ፡ ብዕለት*** 19-09-2015 ***ኣብ ልዕሊ ኣስመራ፡ ብኣርባዕተ ክንፊ ዝውርወር ሱር-ነቀል ዝኾነ ደምሳሲ ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ ከተካይድ ምኳና፡ ምምሕዳር ባራክ ኦባማ ናይ ይሕለፍ ቀጠልያ መብራህቲ ከም ዝተዋህባን፡ ብምርቓት ምምሕዳር ኦባማ ነቲ ዝተጃህረትሉ ኩናት ንምክያድ ኣብ እተግባዕባዓሉን፡ ነጋሪት ኩናት ኣብ ትድልቐሉ ዘላ ግዜ፡ ዝርዝር ሰነዳዊ ሓበሬታ ጥብቆ ቅዳሕ ተመልከት፡-*** https://www.youtube.com/watch?t=5&v=zCKV097muP0 19-09-2015

***ምብጻሕ ምምሕዳር ኦባማ ናብ ኣዲስ ኣበባ፡ ኣብ ልዕሊ ተቓወምቲ ኢትዮጵያ ናይ ሽበራ ስያሜ ዘይምጥማቑ፡ እቲ ኦባማ ቅድሚ ኣዲስ ኣበባ ምብጽሑ፡ ሰብ-መዚ ፔንታጎን ኣብ ልዕሊ ወትሃደራዊ ኣተሓሕዛ ኢትዮጵያን ኣብ ሶማል፡ ኣብ*** 07 ***ሚያዝያ*** 2015 ***ቅሬታኡ ኣብ ዘነጸረሉ ወቕቲ፡ ቅድሑ ጥብቆ ዝርዝር ሊንክ ተመልከት*** http://mereja.com/forum/viewtopic.php?t=95354 ***ምስ ምቛም ኣፍ-ሪኮም፡*** http://www.africom.mil/about-the-command ***ኣዲስ ኣበባ ነቲ ረኺባቶ ዝነበረት ጉንየ ኣጀንዳ ዋንነት መልሕቕ ሕቡራት መንግስታት ብምኳን፡ ናይ'ቲ ከባብያዊ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንጉስ ውሻጠ ናይ ምኳን ባህጋ ኣብ ዝኹለፈሉ ዘሎን፡ ነቲ ዝወጠነቶ ንታሕቲ ዝንቆት ጥፍራርያዊ ወጻኢ ፖሊሲኣ፡ ሎሚ ንእምበራጦርያ ሕልምታታ ዝኽንትፍ ህላዌ ኣብ ዝኽሰተሉ ዘሎ ህሞት፡ ኣብ ኢትዮጵያ ኣርባ ምንጭን፡ ድሬዳዋን፡ ቀብር-ደሃር፡ ሰሚ-ኣርዲ ንስልጠናን፡ ንምክልኻል ግብረ ሽበራን ኢሉ ብሓፈሻ ኣብ'ታ ሃገር ዓስኪሩ ዝነበረ ሰራዊት ኣሜሪካ፡ ናይ ግዜ ገደብ ውዕሉን፡ ናይ'ቲ ከባቢ ስትራተጂካዊ ጥሙሓቱ ራሕሪሑ ጸኒሓዊ ውዕላቱ ከይዛዘመ፡ ካብ ዕለት*** 24-09-2015: ***ድሕሪ ቀዳማይ ሚኒስተር ሃይለማርያም ደሳለኝ፡ ብዕለት*** 19-09-2015 ***ኣብ ልዕሊ ኣስመራ ዘየዳግም ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ ከካይድ ኢየ ኣብ ዝብለሉ ሰሙን፡ ፔንታጎን ንሓይልታቱ ካብታ ሃገር ሩዑ ጠቕሊሉ ኣብ ዝወጻሉ ዘሎ መድርኽ፡ ንዝርዝራዊ ሓበሬታ ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት፡-*** http://www.zehabesha.com/amharic/archives/47004

***ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ሃይለማርያም ደሳለኝ፡ ንዘይንቡር ህላዌ ኩነተ ኩነት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ስግኣት ዘይርግኣትን ትሕዞ ቀጻሊ ህውከትን ካብ ምኳን ነጻ ኢዩ ኣብ ዝብለሉ ዘሎ፡ ነዚ ናይ ተሓቢእካ ፈኸራ ቅልስ ኣብ ከውታ ሕልሚ ናይ ዝኣወጀሉን፡ ንዘይምትግባር ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ብፍቕዲ ዓሰርተው ሰለስተ ዓመት ደፊኑሉ ዘሎ ግዜ፡ ምምሕዳር ኦባማ ንፖለቲካዊ ሓይሊ ወያነ፡ ከም'ቲ ናይ ዝኣረገ ሰብ ዝሞሎቐ ስኒ ክትካኣ 'ምበር፡ ክጽገን ዘይክእል ስርዓት ወያነ፡ ኣብ ድሮ ነቕ-ነቕ ስኒ ተኾይጡ እንከሎ ኢዩ፡ ነቲ ናይ ኩናት ምፍርራሕ ዝደጋግሞ ዘሎ፡፡ ብድምጹ ንምስማዕ ተመልከት፡-*** https://www.youtube.com/watch?t=5&v=zCKV097muP0 19-09-2015

***ኣዲስ ኣበባ ብዘይካ እዚ፡ ንኤርትራ ንምቁጽጻርን ስርዓት ንምቕያርን ናይ ዝሃበቶ መጠንቀቕታዊ ኀርዒ መግለጺ፡ ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት፡-***
http://www.africaintelligence.com/ION/politics-power/2015/09/21/addis-ababa-sends-strong-signal-to-asmara-triggering-a-counterattack,108091165-BRE

***ልኡኽ ኢትዮጵያ ምስ የመን***



***ሚ.ወ.ጉ. ኢትዮጵያ ምስ ፕረዚደንት የመን***



***እታ ኣብ ናይ ምውዳስን ምልቕቓስን ዝተሞርኮሰ ወጻኢ ፖሊሲ እትኽተል ኢትዮጵያ፡ ብመንገዲ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያ ዶክተር ቴድሮስ ኣድሓኖም፡ ምስ ናይ የመን መራሒ ዝነበረ ዓብዱ ሮቦ መንሱር ሀይዲ ኣብ ዝገበረቶ ዝርርብ፡ ነቲ ኣብ ዓመተ*** 1977-1978: ***የመን ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ወትሃደራዊ ጣልቃ ብምእታው፡ ጌና ወያነ ብዕሽሉ ሰውራ ኤርትራ ይኹን ወያነ ብናይ የመናውያን ዳርባ ከቢድ***

ብረትን፡ መጥቃዕቲ ነፈርቲ ኩናትን ዝድብደበሉ ዝነበረ ዓቢዩ ታሪኻዊ ጌጋ፡ ንናይ የመን ምትእትታው ከም ናይ ጽቡቕ ሞሳ ምውዳሱ፡ ንዘይብሱል ናይ ወጻኢ ዲፕሎማስያዊ ፖሊሲታቱ ዘነጽር፡ ዕለት ሓንቲ መዓልቲ ዝዕድሚኡ ፖሊሲ ዝኸተል፡ ናይ ዝፈረሰ ፋሩስ መንደቕ ዝጉዝጎዝ፡ ወናኒ ዝተኸርተመ ፖለቲካ ወጻኢ ጉዳያት ኢዩ። ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት፡-
http://www.geeskaafrika.com/ethiopia-efforts-to-resolve-the-eritrean-border-dispute/3612/

ኣዲስ ኣበባ ውዕለት ናይ ክድምና ስትራተጂ ፖሊሲ ወጻኢ ጉዳያታ ንምርግጋጽን፡ ነቲ ዋሽንግቶን ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ንእትገብሮ ጣልቃታት ብፍላይ ከኣ፡ ኣብ ሶማል ንዘጋጠማ ዘይምሕር ቀጻዒ ህዝባዊ ስጉምቲ፡ ናይ ወትሃደራታ ናይ ሞት ክሳራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣስካሕካሒ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲ ንዘጋጠማ ምምሕዳር ኦባማ፡ "ካብ ሎሚ ዝኾነ ሰራዊት ንሞት ኢልና እንኸፍሎ ሰብ የለን። ንሕና እቲ ቀረብ ክንቅርብ ኢና። ነቲ ኣድላዩ ዝብሃል ናይ ህይወት ክፍሊት ከኣ፡ ከም ኣዲስ ኣበባ ዝኣመሰላ መሓዙት ሃገራት፡ ኣብ ክንዳና ክሓልፋልና" ምባሉ፡ ነቲ ናይ ኣዲስ ኣበባ ኣብ 2006፡ ንሶማል ምውራራ መርኣያ ናይ'ቲ ዘይጭበጥ ህርፋን ኀብለል ናይቶም ትሕቲ ድኹማት ዝኾኑ ኣካላት ናይ ምኺን`ድልየት ኢዩ ነይሩ። ጥብቆ ተመልከት፡-
https://www.wsws.org/en/articles/2006/12/soma-d28.html

ጀነራል መሓመድ ኑር ዮሱፍ (ሳሞራ)



ናይ ደምበ ተቓዉሞ ተባሂሎም ናይ ዝጽውዑ ንስርዓት ኣስመራ ንምእላይ ዝሰርሑ ምትእኽኻባት፡ ኢትዮጵያዊ ኣወሃሃዲ ጀነራል መስፍን ኣማረ፡ ኣብ ደምበ ሞንጉላ ኢትዮጵያ ኣኪቡ ዝሃቦ መግለጽን፡ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያ ጀነራል መሓመድ ኑር ዮሱፍ "ሳሞራ"፡ ኣብ'ቲ ካብ 09-11 ነሓሰ ኣብ ሰመራ ኢትዮጵያ፡ ነቶም ብሳንብኦም ዘየተንፍሱ ጥሩፋት እስላማውያን ወገናውያን መሳርሒ ወያነ ዝኾኑ ሕንጻያት ኤርትራ፡ ኣዲስ ኣበባ ንፖለቲካዊ ጥሙሓታን ወትሃደራዊ ዕብለላኣ ንምትግባር መሳርሒ ንምግባሮም፡ ዘይቅርዑይ ፖሊሲኣ ብወሳንነት ንምፍጻም ኣይሰለጣን።

እዞም ከም ሕጊ ዓሳ ኣብ ሓድሕዶም እንዳተናኸሱ፡ ከም ኣሜባ ወግሐ ጸብሐ ዝጫጭሑ ሕንጻያት፡ መጥፊኢኦም ኣብ ኢዶም ምኳኑ ንሳቶም ጥራይ ዘይኮነ፡ እቶም ዝረርዉዎም ዘለዉ ኣሳሰይቶም 'ውን ዝፈልጥዎ ሓቂ ኢዩ። ምኽንያቱ ንቖማጥ ዘብጽሕ ድዉይ ስለ ዘየለ። ሓዊ! ክትስሕነሉ 'ምበር፡ ሓዊ ክትጻወተሉ ዘዋጽእ እንተኾይኑ፡ ኣዲስ ኣበባ ዝኸደቶ ቅድሚት ናይ ድሕሪት መንገዲ ኣብነት ኢያ። እቲ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ምክልኻል ኢትዮጵያ፡ ኣንጻር ንኣስመራ ንምውዳቕ ዝሃቦ መግለጺ፡ ናይ ሰመራ ኣኼባ ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት፡-
http://www.africaintelligence.com/ION/politics-power/2014/08/01/addis-applies-pressure-on-asmara,108033750-ART

ኣዲስ ኣበባ መርገጺ ወጻኢ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ሓድሽ ዝተኸስተ ነገር ዘይኮነ፡ ካብ'ቲ ሕዱር ሕሳባታ እተካይዶ ዘላ ኢዩ። ብፍላይ ድሕሪ ፍጻሜ ምብራዕ ኩናት 1998፡ ክሳብ 2001፡ ኣንጻር ኤርትራ ዝወልዖ ኩናት፡ "የዕኑድ ሰላምን ጸጥታን ኢትዮጵያ ድሕሪ ውጺኢት ኩናት" ዝብል ኣርእስቲ ንዝተዋህበ ዝርዝራዊ መግለጺ ቅዳሕ ጥብቆ ተመለከት፡-
http://www.mfa.gov.et/BilateralMore.php?pg=12

ኣዲስ ኣበባ ኣብ'ቲ ንነብሳ ንምዕጋብ ኢላ ዝዘርጋሓቶ ሰነድ፡ ኣስመራ ኣብ 1998 ብወትሃደራዊ ሓይሊ ከም ዝወረረታን፡ ነቲ ናይ'ቲ ከባቢ ዞባዊ ሓይሊ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን፡ ምብራቕ ኣፍሪቃን ዓበይቲ ቀላያትን ነባሪ ሰላም ንምስፋን ጥራይ ዘይኮነ፡ ፖሊስ ናይ'ቲ ከባቢ ኮይና ናይ ምኻድ ዓቕሚ ከም ዘለዋን ትምድር። ኣዲስ ኣበባ ቀጺላ መንግስቲ ሱዳን ንዘይምርግጋእ ኢትዮጵያ ንምስራሕ፡ ነታ ሓዳስ ሃገር ደቡብ ሱዳን ብምህዋኽ፡ ንረብሓታት ኢትዮጵያ ትጻረር ኣላ ክትብል ትኸስስ። እቲ ዞባዊ ምጥርናፍ ኣድማዕን ደሞክራስያዊ ባህልን ከጥሪ ከም ዘለዎ ብምምልካት፡ ጅቡቲ ንነባሪ ረብሓታታ ከም ሃገር፡ ነቲ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ብዘይካ ናብ ኣዲስ ኣበባ ምጽጋዕን ጽግዕተኛ ናታ ምኳንን፡ ካልእ ዝሕረ ኣማራጺ ከም ዘይብላ ተነጽር። ናይ ኣዲስ ኣበባ

***መርገጺ ኣብ ልዕሊ ናይ ትማሊ ሶማል: ሶማል ነቲ ዝነበራ ማእከላይ መንግስቲ ካብ ዝፈርስ: ዳግማይ ሕጂ ንሉኡላዊት ሶማል ናብ ንቡር ክመልስ ዝኽእል ቀዋሚ ማእከላይ መንግስቲ ናይ ምትካል ተኽእሎ ከም ዘይብላ ብምምልካት: ቀደምትነት ረብሓ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ምምቕቓል ሶማልን: እንተሰጎመ ኸኣ: ድህኽትን ድኽምትን ፍሕት ዘይትብል ሶማል ኣብ ምምስራትን ተቐድም:: ንከንያ ብዝምልከት:- ከንያ: መሰረት ቁጠባዊ እቶታ ካብ ምጽወታን ረዲኤትን ምዃኑ ብምንጻር: ኣብ ኣፍሪቃ ካብ ዘሎ ናይ ስደተኛታት መዕቆቢ ሰፈራ: ከንያ በቲ መቐሚ መዓስከር ስደተኛታትን: ንባዕሉ ብስም እቶም ስደተኛታት እትረኽቦ ናይ ክራይ ባይታን ናይ ገንዘብ ሓገዝን: ንቑጠባዊ ከይዳ ከምዘርብሓን: ከም ናይ ሰላም ደሴት ከጸውዓ 'ኳ እንተጸንሐ: ኣብ ጸጥታዊ መዳይ ብእትኽተሎ ካብ ቁጽጽር ፋሉል ዝኾነ መኼዳ: ነታ ሃገር ናብ ዘይተኣማኒትን ዘይውሑስ ሰላም ዘንጸላልዋ ዘሎ: ደንገዩ ናይ ዝባራዕ ሓደገኛ ናይ ህውከት መዲና ከም እትኸውን ኢ.ያ ትኣምን:: ኣዲስ ኣበባ ንምስሪ ብዝምልከት መርገጽ ኣዲስ ኣበባ: ኣብ ምግባትን ምቁጽጻርን ፈለግ ማይ ኒል ኢ.ያ ትሰርዕ:: ኣዲስ ኣበባ ንፈለግ ማይ ኒል ኣብ ዝግበር ናይ ምቁጽጻር መስርሕ ከኣ: ኣዲስ ኣበባ ንምስሪ ከም ቀዋሚት ስትራተጂካዊት ጸላኢ.ታ ኢ.ያ ተቐምጣ:: ኣዲስ ኣበባ: ምስሪ ንፈለግ ማይ ኒል: ንኣዲስ ኣበባ ንምድኻምን ንምርማስን ከም እትጥቀመሉን: ንሶማልን: ደቡብ ሱዳን: ኤርትራን ከኣ: ናይ ኢ.ደ-ዙር ኩናት መስርሕ ትጥቀመለን ምዃና ኢ.ያ ትኸስስ:: ስለ ዝኾነ ኢ.ትዮጵያ* 93 ***ሚልዮን ዝብዝሑ ህዝቢ እትውንንን: ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኸኣ: ከባቢ.ኣንን ውሽጣዊ መረበተንን ሰላም ዘውሕሰለን ጎብለል ሓይሊ ከም ዘድልየን ብምንጻር ከኣ: ኢ.ትዮጵያ ንሽም'ዚ ዝኣመሰለ ነባሪ ምርግጋእ ከስፍን ዝክእል ሓይሊ ከም ዘድልየን: ነዚ ንምትግባር ካብ'ቲ ከባቢ ቀዳመይቲ ኮይና እትምረጽ ሃገር ከኣ: ኢ.ትዮጵያ ምዃና ኢ.ያ ኣዲስ ኣበባ ኣብ'ቲ ፖለቲካዊ ስትራተጂ ፖሊስ ወጻኢ ጉዳያት ሰነዳ ኣስፈራቶ ዘላ::***

***ስለ ዝኾነ: ንሕና ቀደምትነት ሂብና ነቲ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ኤርትራ: ጅቡቲ: ሶማል: ሱዳን: ከንያ: ግብጺን ዓበይቲ ቀላያትን እትኽተሎ ፖሊሲ ድሕሪ ምዝርዛርን ምብራህን: ብቐንዱ ናብ'ቲ ንኤርትራ ዝምልከት መርገጽ ነባሪ ስትራተጂ ፖሊሲ ወጻኢ ጉዳያት ኢ.ትዮጵያ: ፖለቲካውን ቁጠባውን ወትሃደራዉን ጸጥታውን ኩነታት ኣተኪርና ከነብርህ ኢ.ና:: ኣብ'ቲ ኤርትራ ንምምቕቓል ትልሚ መደብ ምምስራት ናይ ግዳም መሰጋገሪ መንግስቲ ዝብል ሰነድ: ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት:-***
http://www.africaintelligence.com/ION/politics-power/2015/09/21/opposition-in-exile-divided-on%C2%A0eritrea,108085758-ART

## ***<u>ዝርዝር ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ሰነድ ኢ.ትዮጵያ:-</u>***

1. ***ወራር ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኢ.ትዮጵያ ኣብ ዝተኻየደ ኩናት: ዘመናውያን ጀነራላት ዓለምና ብኽፍጽምዎ ዘይክእሉ ውሃ ዘበለ ቅዲ ኩናት ኢ.ዮም: ነቲ ንመሬት ኢ.ትዮጵያ ክቆጻጸር ዝመጸ ወራሪ ሓይሊ: ንርግኣት ኢ.ትዮጵያ ንምብካል ካብ ዘለዎ ጥሙሓትን: ብናይ ግዳም ሓይሊ ብዝተዋህቦ ንኢ.ትዮጵያ ናይ ምንብርካኽ ተልእኾ ተደፋፊኡ ዝተወልዐ ኩናት ኢ.ዩ::***

2. ***ኢ.ትዮጵያ ካብ ዝኾነ ሸነኽ ንኽመጻ ዝኽእል ዓማጺ ወራር: ብፍላይ ከኣ ብኤርትራ ግብጽን ተወሃሂዱ ክስንዘራ ካብ ዝኽእል ወራርን: ብመንገዲ ሶማል ክመጻ ንዝኽእል ናይ ተለኣኣኽነት ኢ.ደ-ዙር ኩናትን: ጅቡቲ ኣባል ሃገራት ዓረብ ምስ ምዃና: ምስ ጅቡቲ ዝህልወና ዝምድና ኣብ ዝጸልመተ ገዛ ኮይንካ ምክትታል ዘድልዮ ምኻኑ ዘጠራጥር 'ኳ እንተዘይኮነ: ፕረዚደንት ዑመር ገለ ምስ ዘለዎ ናይ ፖለቲካ ተጽንዕኖ: ጉዕዞ መንገዱ ክበታተኽ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ብምእታው: ብስልታዊ መዳይ ክተሓዝ ዝግበኦ ስለ ዝኾነ: ኢ.ትዮጵያ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው : ወትሩ ንዘንጸላልዋ ሓደጋ ንምምካት ድልውትን ጥንቅቕትን ክትከውን ኣለዋ::***

3. ***ኢ.ትዮጵያ ዘመናዊ ዕጥቂ ዝዓጠቐ ዓርሞሸሽ ዝኾነ ወትሃደራዊ ሓይሊ እትውንን: ልዕሊ*** 90 ***ሚልዮን ብዝሒ ህዝቢ ዘለዋ ብምዃና: ሰላም ናይ ዞባና ንምስፋን ብቕዓትን ዓቕምን ዘለዋ ሃገር ኢ.ያ:: ሱዳን ባዕላ ብዝመረጸቶ ፖለቲካዊ ውሽጣዊ ተርባጻታ ትሳቐ ዘላ ሃገር ካብ ኮነት: ደቡብ ሱዳን 'ውን ከም ሓዳስ ሃገር ብዘይብቕዓት ምሕደራኣን ውሽጣዊ ቁርቁሳታን እትሕመስ ዘላ ካብ***

ኮነት፡ ዝተረፉ ሃገራት ዞባና ውሽጣዊ ሰላመን ከስፍና እንተኾይነን፡ ኣብ ጎነን ኮይኑ ዝምእዝነንን፡ ንነባሪ ሰላም እዚ ከባብ ውሕስነት ዝህብ ገዚፍ ሓይሊ ዝውንን ከም ኢትዮጵያ ዝኣመሰለት ሃገር የድልየን፡፡ እዘን ደቀቕቲ ናይ ከባቢና ሃገራት፡ ናይ ከባቢና ዞባዊ ጸጥታ ውሕስነት ክረኽባ እንተዘይኪኢለን፡ ንህልውነአን ሓደጋ ክሳብ ዝኾነ፡ ካብ ዞባ ወጻኢ ዝሕልወን ሓይሊ ንኽረኽባ ሃሰው ክብላ ስለ ዝኾና፡ ነዚ ከም መተካእታ ኮይኑ ደው ክብለለን ዝኽእል ሓይሊ እንተሃልዩ እንኮ ኢትዮጵያ ጥራይ ኢያ፡፡ ኢትዮጵያ ኸኣ፡ ብዘለዋ ወትሃደራዊ ሓይልን ዕብለላን ነዚ ንምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዋ፡፡

4. ኢትዮጵያ ኪኖ ሰላም ጸጥታን ዞባና፡ ኣብ ዓበይቲ ቀላያት ዝጠመተ ስትራተጂካዊ ጠመተኣ ፡ ንህልው ጸገማት ኣፍሪቃ ኣብ ምፍታሕ ዓቢ ግደ ስለ ዝህልዎ፡ ነዚ ዕላማ እዚ ግብራውነቱ ንምርግጋጽ፡ ንምትእኽኻብ ከባቢ ዞባና ከም ኢጋድን፡ ምትእኽኻብ ሕብረት ኣፍሪቃን፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ኣነጺራ ከተዕግብ ኣለዋ፡፡ ምስ ማእከላይ ምብራቕ ንዘለዋ ቅርበት ምርኩስ ብምግባር ከኣ፡ ነቲ ከባቢያዊ ዞባ ንምቁጽጻር ናይ ባሕሪ ወትሃደራዊ ሓይላ ከተደልድል ኣለዋ፡፡ ነዚ ንምትግባር ከኣ ግዳሴኣ ከተዕቢ ኣለዋ፡፡ ኢትዮጵያ ነቲ ካብ ግብጺ ዝመጻ ናብ ሕዱር ቅርሕንቲ ዝብገስ ተጻብኦ ፍሉይ ቆላሕታ ክትወስደሉ ኣለዋ፡፡ ንምሉእ ሰነዳዊ ሓበሬታ ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት፡-
http://www.meleszenawi.org.uk/pdf/foreign-amharic-policy.pdf

መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኣቕሪብዎ ዘሎ ሰነድ፡ ኣብ ልዕሊ ጉዳይ ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ ጅቡቲ፡ ሶማል፡ ከንያ፡ ግብጽን ዓበይቲ ቀላያትን ዝወጠኖ፡ ንድህከት ፖሊሲ ብዝርዝር ብኸም'ዚ ዝስዕብ ኣቕሪብዎ ኣሎ፡-

## ኤርትራ፡-

1. ኤርትራ ንሓዋሩ ግዝእቲ ሰላምን ርግኣትን ኢትዮጵያን ዞባናን ክትከውን ኣለዋ፡፡ ነቲ ጠንቂ ከቢድ ሰብኣውን ቁጠባውን ክሳራ ዘውረደትላ ኢትዮጵያ፡ መሪሕነት ኤርትራ ካብ ዝኽተሎ ልዕሊ ኹሉ ናይ ምዃን ጥሙሕ ዘበገሶ ፖሊሲ ክስበር ኢዩ ዘለዎ፡፡ ከም ሳዕቤኑ ኸኣ፡ ፈንጠርጠራ ዝዓቀበት ኤርትራ ክትህነጽ ኣለዋ፡፡

2. ኣስመራ ክትግንዘቦ ዘለዋ ሓደ ሓቂ፡ ንዓንዳርነት ዝምችእ ወትሃደራዊ ኣቓውማ ከም ዘይፍቀደላ ክትርዳእ ኣለዋ፡፡ ኤርትራ እትምስርቶን እትተኽሎን ሰራዊት፡ ብብዝሒ ዕጥቁን ዓይነት ኣጽዋሩን፡ ብዝሒ ሰራዊቱን ኣቓውማኡን ክግደብ ኣለዎ፡፡ ምዕሩይ ዘይኮነ ልዕሊ ዘመናውነት ዝሽደ ወትሃደራዊ ሓይሊ ምምስራትን ምቛምን ከም ዘይፍቀድን፡ ተግባር ውጺኢት ናይዚ ጉዳይ ከኣ፡ ከም ቅድመ ተጻብኦ ከም ዝቑጸር ኣስመራ ሕርሕራይ ገይራ ክትግንዘቦ ዘለዋ ሓቂ ኢዩ፡፡

3. ንሰላምን ርግኣትን ኢትዮጵያ ምርግጋጽን፡ ዞባዊ ነባሪ ርግኣት ምፍጣርን ኣድላዩ ክሳብ ዝኾነ፡ እቲ ወሳኒ ክትግበር ዘለዎ ጉዳይ ብመትከል፡ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ (ህግደፍ)፡ ከም ሓደ ኣስጋኢ ሓይሊ ናይ'ዚ ዞባ'ዚ መጠን ህላዌኡ ኣብ'ዚ ከባቢ ከብቅዕ ኣለዎ፡፡ ምኽንያቱ እዚ ሓይሊ'ዚ ብናይ ደገ ሓይሊ ዝዝወር፡ ንርግኣት እዚ ከባቢ ዝጻባእ መጋበርያ ክሳብ ዝኾነ፡ ናይ መወዳእታ ኸተያ ክግበረሉ ኣለዎ፡፡

4. ደሞክራሲ ማለት ናይ ዘይምልከተካ ሃገራት መሬት ጎቢጥካ ምስፍሕፋሕ ዘይኮነስ፡ ነቲ ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ናብ'ቲ ካልእ ምብጻሕ ክሳብ ዝኾነ፡ ኢትዮጵያ ኸኣ፡ ከም ደሞክራስያዊት ሃገር መጠን፡ ደሞክራሲ ኣብ ምስፋን እትኽተሎ ዘላ መስርሕ ቀሊል ተግባር ኣይኮነን፡፡ ካብ'ቲ ደሞክራሲ ንምምስራት ዘለና ሓደ ብዙሕ ኣማራጺታት፡ ንኤርትራ ብፌደራሊዝም ንምምሕዳራ ንኽትዕም ብናይ ብሄራት ክፍፍል፡ ናይ ክልላት ምምሕዳር ምትእትታው ኢዩ፡፡ ነዚ ግብራዊ ተግባራት ንምስሳን ከኣ ክሳብ ሕጂ ጽቡቕ ከይዲ ኣሎ፡፡ ከም መርኣያ ናይ'ዚ ኸኣ፡ ንኣሃዱኣዊ ስርዓት መሰረት ብምግባር፡ ናይ ኩናማ፡ ዓፋር፡ ብሌን፡ ሳሆ፡ ምንቅስቓሳትን ክፉል መታሕታዊ

*መሬት ምምሕዳር ክህልዎ ምፍቃድን ክስረሓሉን ክድገፍ ዘለዎ መስርሕን ኢዩ::*

**5.** ***ኢትዮጵያ ንነጻነት ኤርትራ ክትቅበል እንከላ: ናይ ባሕሪ ኣፍ-ደገ ዘይብላ ኢትዮጵያ ንምስራት ዘይኮነ: ወደብ ዓሰብ ፍሉይ ኣቓልቦ ተገይርሉ: ኢትዮጵያ ኣስታት 90 ሚልዮን ህዝቢ እትውንን ሃገር ክሳብ ዝኾነት: ክንድ'ዚ ዝብዝሑ ህዝቢ እትውንን ሃገር ብዘይ ናይ ባሕሪ ኣፍ-ደገ ንኽትነብር ምኽና ኣሚና ዘይኮነስ: ንጉዳይ ናይ ባሕሪ ኣፍ-ደገ ቀዳምነት ክትረክብ ምኽና ብምእማን ኢ.ያ ንነጻነት ኤርትራ ተቀቢላቶ:: ነዚ ንምርግጋጽ ኢዩ ኽኣ: እዚ ናይ 1998 ንናይ ኢትዮጵያ ናይ ባሕሪ ኣፍ-ደገ ምህላው ካብ ዝተኻየደ መስርሕ ምኽኑ ኢዩ ዘብርሆ:: ዝሓለፈ ውጺኢት ኲናት 1998: ኣብ ደንከል ንምንቅስቓስ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ: ርእሰ ምምሕዳር እንተተዋሂብዎ ነዚ ናይ ኣጋጢሙና ዘሎ ናይ ባሕሪ ኣፍ-ደገ ንምፍታሕ ከቢድ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ::***

**6.** ***ኢትዮጵያ ምስ ግቡእ መንግስታዊ ሓላፍነት ዘይትስከም: ሓጺር ዝዕድሚኣ ድኽምቲ ኤርትራ ብማዕረ ክትረአ የብላን:: ምኽንያቱ:- ኢትዮጵያ ኣብ ከባቢያዊ ዞባኣ ሰላምን ጸጥታን ርግኣትን ንምውሓስ: ስትራተጂካዊ መሓዛ ካብ ምኳን ዝዕንቅጻ ዝኾነ ፖሊሲ የብላን:: ነዚ ንምትግባር ናይቲ ዞናዊ ክቢ ዝሓየለት ጎብለልን ብቕዕቲ ሃገር ምኳና ክፍለጥ ኣለዎ::***

## ሱዳን:-

**1.** ***ካርቱም ንርግኣትን ሰላምን ኢትዮጵያን ንምዝራግ ኣቐዲማ ዝከኣላ ስሪሒት ኢ.ያ ሰሪሓ:: እዚ ስትራተጂካዊ ውጥን ናይ ካርቱም: ንኢትዮጵያ ግዝያዊ ሻቕሎት 'ኳ ፈጢሩላ እንተነበረ: ኢትዮጵያ ብዝወሰደቶ ሓያል ወትሃደራውን ፖለቲካውን ዲምፕሎማስያውን ጸቕጢ ክትምክቶ ምኽኣላ: ኢትዮጵያ ኣብ ዞባና: ናይ'ቲ ዞባ ናይ ምምራሕ ብቕዓታን: ጸጥታ ነብሳን ከባቢኣን ንምውሓስ ዘለዋ ብቕዓት ዘመስከረትሉ ኣጋጣሚ ኢዩ ነይሩ:: ይኹን ድኣ 'ምበር: ሱዳን ካብ ከም'ዚ ናይ ኤርትራ ዓይነት ፖሊሲ ምኽታል ኢዳ ክትሕይብ ኢዩ ዘለዋ:: ሱዳን ኣብ'ዚ ዞባ ቅቡልነታ ከተረጋግጽ እንተ ድኣ ኮይና: እዚ ከም ናይ ኤርትራ ተመሳስልነት ዘለዎ ፖሊሲ ካብ ምኽታል ክትቁጠብ ጥራይ ዘይኮነ: ንናይ ደቡብ ሱዳን ዘይምህዋኽን ዘይምቱኽታኽን ከም ሃገር ናይ ምቕባልን: በቲ ዝተኻየደ ረፈረንዶም ተገዛኢት ብምኳን: ካብ ናይ ተጻብኦ ሽርሒ የእዳዋ ደው ከተብል ኣለዋ:: ካርቱም ኣብ ልዕሊ ጁባ ንኽተካይዶ እትሓስብ ናይ ዓብላልነት መስርሕ ቅጽበት ደው ከተብሎ ኣለዋ:: ናይ ሓደ ጉጅለ ወትሃደራዊ ዓብላልነት ኣብዘን ክልተ ሃገራት ኸተያ ክግበረሉ ዘለዎ ጉዳይ ብምኳኑ: ነቲ ኢትዮጵያ ሒዛቶ ዘላ ደሞክራሲ ንምስፋን ዝኽተል ፖሊሲ ዝዕንቅጽ ሃዋህው ካብ ካርቱም ይኹን: ካብ ጁባ ንዝመጽእ ናይ ቅልውላው ሕማሴ: ኢትዮጵያ ከም ዘይትጻወሮ ካርቱምን ጁባን ብማዕረ ክግንዘበኦ ዘለወን መሰረታዊ ነጥቢ ኢዩ::***

***መስርሕ ፖለቲካዊ ሃዋህው ሱዳን: ንኣንፈት ምስፋን ደክራስን ደሞክራስያዊ ክውንነትን ተስፋ ዝህብ ኣቓልቦ 'ኳ እንተሃለዎ: ርግኣት ናይ'ዚ ዞባ ንምሕላው: ሱዳን: ንደቡብ ሱዳን ካብ ምጥምማት: ናብ ምትብባዕ ዝኣመተ ፖሊሲ ክትክተል ኢዩ ዘለዋ:: ኢትዮጵያ ነዚ ንምትግባር ሓደ ካብ'ቲ ሒዛቶ ዘላ ስትራተጂ ኢዩ:: ሱዳን ከኣ ነዚ ኣሚና: ነቲ ናይ ሱዳንን ደቡብ ሱዳንን ሃገራዊ ርግኣትን: ሃገራዊ ስኒት ከባብን ንምርግጋጽ ዝዓለመ ስትራተጂ ኢትዮጵያ: ክልቲኤን ሃገራት ሱዳንን ደቡብ ሱዳንን ክኣምናሉ ኢየን ዘለወን::***

## ጅቡቲ:-

***ኢትዮጵያ ካብ ጅቡቲ ክመጻ ዝኽእል ዘስግኣ ፖለቲካውን ወትሃደራውን ቁጠባውን ኩነታት የለን:: ኢትዮጵያ ከም መተካእታ ወደብ ዓሰብ ንወደባት ጅቡቲ ክትጥቀም እንከላ: ጅቡቲ ካብ ፍሉይ ውልቃዊ ረብሓኣ ተሞርኪሳ ንወደባ ከም መተካእታ ወደብ ዓሰብ ንኢትዮጵያ ክትፈቕደላ እንከላ: ንሓልዮት ኢትዮጵያ ዘይኮነትሲ ንረብሓኣ ምኳኑ ርዱእ ክኸውን ኣለዎ::***

ፕረዚደንት እስማዒል ዑመር ገለ ዝኽተሎ ዘሎ ፖሊሲ ምስ ኢትዮጵያ: ምስ ጅቡቲ ዱልዱል ዝምድና ንምምዕባል ዕድል ዝህብ ኢዩ:: ጅቡቲ ከም ኣባል ማሕበር ዓረብ ሊግ መጠን: እንዳ ሓደረ ዝኸይድ ዓረባዊ ክውንነት ከይትጽሎ ምጥንቓቕ ዘድልዮ ጉዳይ 'ኳ እንተኾነ: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ጅቡቲ ምስ ወሰንቲ ዝኾና ሃገራት ዓረብ ሊግ: ኣብ ረጽሚ እትኣትወሉ ዘላ ኩነታት ኢዩ ዘሎ:: እዚ ሓድሽ ሓርፋፍ ዝምድናታት ጅቡትን ቁጠርን: ጅቡትን ኢማራት ዓረብን: ጅቡትን ስዑድያን ብቐንዱ ኸኣ: ሓድሽ ክስተት ጅቡትን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን: ውዑይ ዝምድና ጅቡትን ቻይናን ኣብ ግምት ብምእታው: ግብጺ 'ውን ብወገና ነቲ ናይ ዓረብ ሊግ ኣባልነት ከትምዝምዞ ጽዑቕ ስራሕ ኣብ ዘድልየሉ ህሞት: ጅቡቲ ንኢትዮጵያ ብዘይቀይዲ ኣፍቂዳቶ ዝጸንሐት ምጥቃም ናይ ባሕሪ ኣፍ-ደገ ንዝቐርብ ዘሎ ሓደሽቲ ኣተሓሳስባታት: ቆላሕታ ዘድልዮም ተኣፈፍቲ ጉዳያት ምኳኖም ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ጉዳይ ኢዩ::



ኣብ ጁቡቲ: ናይ ፈረንሳን ኣሜሪካን ዓበይቲ ወትሃደራዊ መዓስከራት ኣብ ሊሞንየር ክህልዉ እንከለዉ: ናይ ጃፓን: ናይ ነዘርላንድ: ናይ ጀርመን ካናዳን ተደረብቲ ሓይልታትን: ናይ ዓባይ ብሪጣንያን ኣውስትራልያን ናይ ሓይሊ ባሕሪ ኣሃዱታትን: ናይ ሽወደን ፍሉይ ኣሃዱ መሃንድሳት ዘጠቓለለ ናይ ምዕራብ ወትሃደራዊ ሓይልን: ናይ ኣፍሪኮም ናይ ምብራቕ እዚ ማእከል ኣብ'ዛ ደቃቕ ሃገር ጁቡቲ ዓስኪሩ ኣብ ዝሃለወሉ እዋን: ናይ ቻይና ዓርሞሽሽ ሓይሊ ምስ ዘመናዊ ኣጽዋራቱ ናብ ጁቡቲ ምእታዉ: ኢትዮጵያ ብደቂቕ ክትከታተሎ ዘለዋ ጉዳይ ኢዩ::








http://www.telegraph.co.uk/news/worldnews/africaandindianocean/djibouti/11752759/China-deal-threatens-only-American-military-base-in-Africa.html **ናይ ቻይና ሰራዊት**
http://thediplomat.com/2015/08/will-china-take-over-us-military-facility-in-djibouti/**ናይ ቻይና ሰራዊት**

## ሶማል:-

**ሶማል እቲ ካብ ፕረዚደንት ስያድ ባረ ዝወረሰቶ ናይ ምፍንጫልን ምምቕቓልን: ንሱ ዝወለዶም ኀይቶት ኩናትን: እትርፎ ናይ ውሑድ ቀጸላ ሕብረተ-ሰብ ሶማል: ብዝኾነ መለክዒ እዛ ሕጂ ዘላ ሶማል ዝተወሃሃደን: ርጉእን ስጡምን ሕመረት ሃገር ዘለዎ ማእከላይ መንግስቲ ክትምስርት ዓቕምን ብቕዓትን የብላን::**

**ኣብ ሶማል ንተስፋ ዘይብሉ ክውንነት ማእከላይ መንግስቲ ንምቛም ዝግበር ፈተነ: ካብ መኽሰቡ ክሳርኡ ስለ ዝበዝሐ: ኣብ ሕመረት ምትግባሩ ተስፋ ዝህብን: ሰላምን ውሕስነትን ናይ'ዚ ከባቢ**

ዘውሕስ: ንረብሓ መላእ ህዝቢ ሶማል ዘረጋግጽ ክሳብ ዘይኮነ: ብዋጋ ህዝቢ ሶማል ምጽዋት ከይከውን ገዚፍ ጥንቃቐ ዘድልዮ ጉዳይ ኢዩ::

ኀይቶት ሶማል ኪኖ ሃገራዊ ክውንነት: ኣብ ውልቀ ረብሓታቶም ዝተሰረተ ዝተፈላለየ ኣጀንዳታት ከም ዘለዎም: ኀይቶት ሶማል ባዕሎም ክእመንሉ ዘለዎም ሓቂ ኢዩ:: ስለ ዝኾነ ምእንቲ ሰላምን ጸጥታን ናይ'ዚ ዞባና ክንብል: ሕልና ብዘይብሎም ናይ ኩናት ኀይቶት እትመሓደር ዘላ ሶማል ከም ዘላ ኣሚና ክንሰርሓሉ ዘለና ጉዳይ ምዃኑ ክንግንዘቦ ዘለና ጉዳይ ኢዩ::

ናይ ሶማላውያን መንግስቲ ናይ ምቛም ምርጨኦም ኣብ ኢዶም ክወድቕ የብሉን:: ምኽንያቱ ኀይቶት ኩናት ዝመርሕዎ ፖለቲካ ኣዕናዊ ኢዩ:: ሶማላውያን እንተ'ኽኢሎም ንምቛም ማእከላይ መንግስቲ እንተበቒዖም: እቲ ማእከላይ መንግስቲ ኣብ ክሊ ምምሕዳር ፌዴራላዊት: ወይ ኮንፌዴራላዊት ሶማል ዝተሰረተ ክኸውን ኣለዎ:: እዚ እንተዘይተ'ኻኢሉ ሶማል ዘላቶ ክውንነት ከም ቅቡል ወሲድካ: ነቲ ህልዊ ኩነታት ሶማል ከም ዝቕጽል ምግባርን: በቲ ኩነታት ንዝርከብ ረብሓታት ዓቂብካ ምጉዓዝ ኢዩ::

ምእንቲ ሃገራዊ ረብሓኣ ክትብል ከኣ: ኢትዮጵያ ነዚ ዘይቅቡል ዝመስል ሕማቕ ኩነት ሶማል ኪኖ ም'ቕባሉ ካልእ ኣማራጺ የብላን:: ስለ ዝኾነ ኸኣ: ኢትዮጵያ ንመጻኢ ነዚ ዘሎ ውህብ ኩነታት ሶማል ክትቅበሎ ጥራይ ኢዩ ዘለዋ:: ነዚ ብም'ኽታል ኢያ ኸኣ ፖሊሲኣ ከተተግብር ዘለዋ::

ሀ. ማእከላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ን'ክልላዊ ምሕደራ መንግስታት ብምሕያል: ሶማል ኢትዮጵያውያን ነቲ ብኀይቶት ኩናት ሶማል ዝካየድ ዘሎ ናይ ብርሰትን ህልቀትን ናይ ኣ'ኹድር ኩናት ጉዱኣት ን'ኸይኮኑ: መንግስቲ ኢትዮጵያ ንውሕስነቶም ብዝምልከት ናይ ምክል'ኻል ስጉምቲ ክትወስድ ኣለዋ:: እቲ ኣብ ሶማላውያን ዘንጸባርቕ ዓሌታዊ ቅልውላው ኣብ ሶማል ኢትዮጵያው 'ውን ተመሊሱ ዝደጉሕ ብም'ዃኑ: ምእንቲ ምርግጋጽ ሰላምን ርግኣትን ዞባ ሶማል: ኢትዮጵያ ንውሕስነቶም ዘረጋግጽ ክልልላዊ መንግስቲ ምቛም ነቲ ኩነታት ምጹእነት ሰላም ዝፈጥር ዘይን'ቕነ'ቕ ፖሊስና ኢዩ ክ'ኸውን ዘለዎ::

## ለ. ናይ ኢትዮጵያ ቀደምትነታት ኣብ ሶማል:-

1. ሶማሊ-ላንድ:- ኢትዮጵያ ሶማሊ-ላንድ ከም ሉኡላዊት ነጻ ሃገር ከይፈለጠት: ንምእንቲ ርግኣታ ክትብል ኩለንትናዊ ቁጠባውን ወትሃደራውን ፖለቲካውን ሓገዛት ከተ'ቕርበላ ኣለዋ:: ን'ክልቲኡ ወገናት ክሳብ ዘርበሐ 'ኸኣ: ወደብ በርበራ ኣብ ትሕቲ ክሊ ምሕደራ ክልል ሶማል ኢትዮጵያ ክሳብ ዝሃለወ: ኢትዮጵያ ነዚ ወደብ በርበራ ክትጥቀመሉ ኢዩ ዘለዋ:: ኣገዳስነቱ ተራእዩ 'ውን: ወደብ በርበራ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ናይ ም'ዃን ተ'ኽእለሎኡ ዓቢ ኢዩ:: ናይ ኢትዮጵያ ብወደብ በርበራ ምግልጋል ከኣ: ን'ክልቲኡ ወገናት ዘርብሕን: ንዝምድና ሶማሊ-ላንድን: ሶማል ኢትዮጵያን ዓቢ ረብሓ ዘለዎ ክስተት ኢዩ::

2. ፑንት-ላንድ:- መርገጽ ኢትዮጵያ ኣብ ፑንት-ላንድ: ንምእንቲ ቁጠባ ኢትዮጵያ ንምሕያል: ኣብ ፑንት-ላንድ ክልልላዊ ምምሕዳር ዘለዎ ምቛም ን'ኽትክተል: ኩለንትናዊ ምትብባዕን ሓገዝን ክግበረላ ኣለዎ:: ርግኣት ናይ'ዚ ክልል'ዚ ምስ ኢትዮጵያ 'ኸኣ: ብስትራተጂካዊ ዓይኒ ክጥመት እንከሎ ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎ:: ም'ኽንያቱ ረብሓ ኢትዮጵያ ኣብ ተመዓደውቲ ሶማል ምቛም ኢዩ::

3. በናድር-ላንድ:- ምስ'ቲ ጠንቂ ም'ቕጻል ኩናት ሶማል ኮይኖም ዘለዉ ኀይቶት ኩናት: (ጀነራል መሓመድ ፈራሕ ኣይዲድን) ስልጣኑ ዝወረሰ ወዱ ሑሴን ኣይዲድን: ንሳቶም ዘቖምዎም ሚሊሻታትን: ነቲ ካብ 90 ታት ዝጀመረ ኩናት ሓድ-ሕድ ሶማል ጠንቂ ኮይኖሞ ኣለዉ:: ይ'ኹን ድኣ 'ምበር: ኣብ ሶማል ዝርከብ ቀቢላ ሃውያ ካብ ቀንዲ መሰረት ሃገራዊ ጸጥታ ሶማል ዝጥመትን ገዚፍ ጽልዋ ዘለዎን ብም'ዃኑ: ኣብ ቀንዲ እምነ-'ኹርናዕ ፍታሕ ናይ'ዚ ጉዳይ ተረኦም

ቀሊል ስለ ዘይከዉን ዓቢ ኣቓልቦ ክግበረሉ ዝግባእ ኢዩ:: ነቲ ብሰንኪ ጎይቶት ኩናት ዕጡቓት ምልሻታት ሶማል ሑሴን ኣይዲድ: ኣብ'ቲ ከባቢ ተኸሲቱ ዘሎ ዘይርጉእ ኩነታት: ነቲ ምስ ማእከልን ደቡብን ሶማል ዝዳወብ ግዝኣት ኢትዮጵያ ዓቢዩ ጸጥታዊ ሽግር ዝፈጥር ብምዃኑ: ብሰንኪ እዚ ዘይርጉእ ውህብ ኩነታት ከኣ: ምስ'ቲ ሑሴን ፈራሕ ኣይዲድ ምስ ኤርትራን ግብጺ ዘለዎ ዝምድና ምርኩስ ብምግባር: ነቲ ኩነታት ብምምዝማዝ ኣብ ኢትዮጵያ ዘይምርግጋእን ሕንፍሽፍሽን ንምፍጣር ብዝኸተልዎ ፖሊሲ: ንዘይቅርዑይ ስትራተጂካዊ ረብሓታቶም ንምርዋይ: ነቲ ከባቢ ካብ ዝሽፍአ ናብ ዝገደደ ንምዕራጉ ቀንዲ ላዕለዋይ ኢዶም ኣብ ጎይቶት ኩናት ቀቢላ ሃውያ ስለ ዝምርኮስ: ጎይቶት ኩናት ቀቢላ ሃውያ ክሳብ ዝሃለዉ ኸኣ: እዚ ኩነት እዚ ክቕጽል ዓቢ ተኽእሎ ስለ ዘሎ: ሒዘሞ ዘለዉ ሓይልን: ወኒነሞ ዘለዉ ስልጣንን ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምድምሳሶም: ብዝተጸንዐ ንምስራሕ ኣገዳስን መሰረታውን ጉዳይ ክሽውን ኢዩ::

3. ብሕርሻን መጓሰን ዝናበሩ ቀቢላ ርሓናውያን ዝዓበየ ቀቢላ ከም ምዃኑ መጠን: ኢትዮጵያ ልዑል ኣቓልቦ ክትህቦ ዘለዋ ጉዳይ ኢዩ:: ርሓናውያን ካብቶም ኩሎም ሶማላውያን ዝተፈልዩ ኣብ ርእሲ ምዃኖም: ኣብ ጸጥታዊ ባይታ ኢትዮጵያ ኸኣ ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎም:: ስለ ዝኾነ ኢትዮጵያ ካብቶም ካልኦት ዘስግእዎም ክፋላት ሶማል ንምዕቃቦምን ንምሕላዎምን ኢትዮጵያ ፍሉይ ተገዳስነት ከተርኢ ኢዩ ዘለዋ:: በዚ መንጽር ኸኣ ናይ ገዛእ ርእሶም ሕጋዊ መንግስቲ ክምስርቱ ኢትዮጵያ ከተተባብዖም ኢዩ ዘለዋ:: ነዚ ንምትግባር ኸኣ ኢትዮጵያ ንዕጡቕ ቀቢላ ርሓናውያን ካብ ኣባላት ናይ'ቲ ደሞክራስያዊ ባይታን ሕጋውነት ዝለበሰ ዞባዊ ባይቶኡን: ንገለ ክፋል ናይ'ዚ ሓይሊ 'ዚ ኣብ ሕቕፉ ብምእታው: ሓደ በርጌሳዊ መሪሕነት ንምትእትታው ዘዕግብ ስርሓት ምክያድ ተመራጺ ኢዩ:: ምብትታን ሶማል ንዝኾነ ኣካል ዘሐጉስ ኣይኮነን:: ናይ ርሑቕ ረብሓ ኢትዮጵያ ንምሕላው ግን: ኣብ ሶማል ፌደራላዊ: ወይ ኮንፈደራዊ ስርዓት ምትካል ጻዕሪ ምክያድን: ነዚ ዝኣመተ ፖሊሲ ኣብ ሶማል ምትግባርን: ንርግኣትን ሰላምን ኢትዮጵያን ዘውሕስ ኢዩ::

4. ናይ ወደብ ኣገልግሎት ዝህብ ዝነበረ ካብ ዜይላ ክሳብ ኪስማዮ ዝተዘርገሐ: ካብ 7 ዘይውሕድ ናይ ዝተፈላላዩ ከባቢታት ኣፍ-ደገ ባሕሪ ወደባት ንኢትዮጵያ ዝህብዎ ጥቕሚ ልዑል ኣብ ርእሲ ምዃኑ: ኢትዮጵያ ካብ ማያት ናይ ሶማል ዝውሕዙ ኣብቲ ከባቢ ከተተግብሮ እትኽእል ናይ ዲጋታት ህንጸትን: ብዓቢዩ ናይ ወደብ ኣገልግሎትን ንዕብየት ኢትዮጵያን ሶማልን ሓባራዊ ረብሓ 'ኳ እንተለዎ: ነዚ ንኸተትግብር ሶማል ካብ ረጽሚ ጎይቶት ኩናት ንምድሓን: ኣብ ክልላዊ ምምሕዳር ብምእታው ንነፍስ-ወከፍ ጎይታ ኩናት ዝዓግበሉ ዞባዊ ቁጽጽር ዘለዎ ምሕደራ ክፍጠረሉ: ከም ኣማራጺ ክውሰድ ዘለዎ ኢዩ::

## ከንያ:-

1. ዘይርጉእ ኩነታት ዞባና ንከንያ ከም ደሴት ሰላም ናይ'ዚ ከባቢ ከጠምታ ጸኒሑ ኢዩ:: ብሰሪ ውህብ ኩነታት ዞባና ኸኣ ከንያ ተጠቃሚት ናይ'ዚ ኩነታት ክትከውን ኣኺልዋ ኢዩ:: ከም ሳዕቤኑ ኸኣ: ኣብ'ቲ ዞባ ማእከል ግዝያዊ ስሕበት ንኽትከውን ኣወናዊና ኢያ::

2. ከንያ ልዕሊ 40 ዝኾኑ መዓስከር ስደተኛታት ዝኸፈተት: ንጉዳይ ጉዕዞ ስደተኛታት ከም ምንጪ እትዋት ክፋል ቁጠባኣ ኢያ እትርእዮ:: እታ ብእትረኽቦ ናይ ረዲኤት ምንጪ ንክፋል ቁጠባዊ እቶታ ካብ ማዕከን እትዋት ስደተኛታት እተማእዝን ከንያ: ልዑል ዝዓቐኑ ቁጠባዊ ጥቕሚ 'ኳ እንተረኸበት: ኣብ'ታ ሃገር ዘሎ ናይ ውሽጣዊ ናይ ጸጥታ ምሕደራ: ኣብ'ታ ሃገር ዘይሕጋዊ ፈኮስቲ ኣጽዋራት ኣብ ፈቐድኡ ብምዝርጋሑ: እታ ናይ ሰላም ደሴት እትጽዋዕ ዝነበረት: መርኣያ ናይ ህውከትን በሪ ኣፍ-ደገ ግብረ-ሽበራውያን ምዃና ተቓሊዓ ኢያ:: ብሰንኪ እዚ ድማ እትረኽቦ ዝነበረ ናይ በጻሕቲ (ቱርስት) እትዋት ናብ ምንቁልቛልን: ዝነበራ ናይ ሰላም ደሴት ምዃን መሰረትን ካብ ዝሕምሽሽ ሓጺር እዋን ኣይገበረን::

3. ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያ ከንያን ዝተበታተኸ: ጸጸኒሑ ዝኸሰት ኣሉታዊ ጎንጽታት ኣሎ::

ኢትዮጵያ ነዚ ንምፍታሕ ሓደ ውጥን ብምውሳድ ኣብ ምድላዋት ኣላ:: እዚ ኸኣ ሓደ ካብቶም ብክፍሊ ካርቶግራፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምፍትሑ ኣብ ምድላዋት ኣላ:: እዚ ንምትግባር ከኣ ኮምሽን ዶብ ናብ'ዚ ከባቢ ምምዳብ ሓደ ካብ'ቲ ተታሒዙ ዘሎ ፖሊሲ ኢዩ::

## ዓበይቲ ቐላያት:-

1. ሰላምን ርግኣትን ዞባ ዓበይቲ ቀላያት ተናዊጺሉ ኣብ ዘሎ እዋን: ኢትዮጵያ ሓያል ጠመተ ክትገብር ግድን ኢዩ:: ነዚ ጠመተ እዚ ንምኽላስ: ኢትዮጵያ ምስ ህዳሴ ግድብ ኣባይ ብምትሕሓዝ ኢያ ክትዕቅኖ ዘለዋ:: ነዚ ምርኩስ ብምግባር ኢያ ፖሊሲኣ ክተመዓራሪ ዝግባእ::

2. ዞባ ዓበይቲ ቀላያት ከም መሳልል ኣካል ሕብረት ሃገራት ፈለግ ኒል ንኢትዮጵያ ወሳኒ ኣብ ርእሲ ምዃኑ: ሕጋዊ ረብሓን ነባሪ ሓባራዊ ሻቕሎትን ኣለዎ::

3. ኮንጎ:- ንስትራተጂካዊ ቁጠባዊ ረብሓታት ኣብ ቀጻሊ ክትሕዞ እትኽእል ናይ ተፋሰስ ፈለግ ኒል ረብሓ ስምብራት ክትከውን ትኽእል ኢያ:: ዞባ ዓበይቲ ቀላያት ተፋሰስ ፈለግ ኒል ብሰንኪ ዘሎ ናይ ኣተሓሳስባ ፍልልይ: ናይ ፖለቲካዊ ዓውደ ክርፍስ ኣብ ዝቕየረሉ ዘሎ ህሞትን: ጃምላዊ ህልቂትን ሓድ-ሕዳዊ ኩናትን ኣብ ዝስዕርረሉ ዘሎ ወቕቲ: ኢትዮጵያ ከም ሓንቲ ወናኒት ናይ ሰላም ሉኡኽ ዞባዊ ሓይሊ: ኣንጻር ጃምላዊ ህልቂት ብዘለዋ ልዑል መርገጽ: ኣብ ዞባ ዓበይቲ ቐላያት ሰላምን ርግኣትን ንምርግጋጽ ንዝህልዋ ኣበርክቶ: ናይ መሪሕ ኣካል ግደ ሒዛ ኽትጻወት ናይ ግድን ኢዩ::

## ግብጺ:-

1. ስትራተጂካዊ ፖሊሲ ግብጺ ምስ ተፋሰስ ፈለግ ማይ ኒል ብዝተተሓሓዘ: ንኢትዮጵያ ከም ናይ መጻኢት ጸላእታ ስለ እትቆጽራ: ኢትዮጵያ ነዚ ብስፍሓት ክትጥምቶ ዘለዋ ጉዳይ ኣብ ርእሲ ምዃኑ: ፖሊሲ ግብጺ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ኣብ ምጽራር ንምቁጽጻር ተፋሰስ ኒል ዝተሰረት ክሳብ ዝኾነ ትኩርነት ዘድልዮ ኢዩ::

2. መደባት ኢትዮጵያ ኣብ ተፋሰስ ኒል ዝኾነ ኣሉታዊ ፖሊሲ የብላን:: ኮይኑ ግን ኢትዮጵያ ንውሑስ ናይ መግቢ ውሕስነታ ንምርግጋጽን: ቀጻልነት ናይ ጸዓት ሓይላ ንምዕባይን ከም ኣባል ተፋሰስ ኒል: ንኣባላት ተፋሰስ ኒል ብዘይጎድእ መንገዱ ግድብ ኣባይ ንምህናጽ ኣብ ትሰርሓሉ ዘላ ግዜ: ግብጺ ነዚ ናይ ግድብ ኣባይ ስራሕ ንምዕንቃጽ ዘይተቖጠበ ጻዕሪ ኣብ እተካይደሉ ዘላ እዋን: መርገጽ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ግብጺ ናይ ምትሕልላው መስርሕ ኢዩ ዘሎ::

3. ግብጺ ናብ ኢትዮጵያ ዝቐንዐ ናይ ጽልእን ምድኻም ምሕማስን ሓደገኛ ኣጀንዳ ከም ዘለዋ ኢትዮጵያ ግድን ክትርድኦ ዘለዋ ሓቂ ኢዩ:: ነዚ ንምሕላን ግብጺ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዞባዊ ሓይሊ ናይ'ቲ ከባቢ ኮይና ናይ ምርኣይ ድልየታ ልዑል ብምዃኑ: ነዚ ንምትግባርን ናብ ኢትዮጵያ ዝቐንዐ ናይ ምፍርራሕ ምስንባድ ጉጤታዊ ስጉምቲ ንምውሳድ: ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ካብ ፈረንሳ ዝሸመተተን ደርማስ መራኽብ: ንፖሊሲ ኢትዮጵያ ዝቕይሮ ኣይኮነን:: ይኹን ድኣ 'ምበር: ናብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝቐንዐ ጽልዋ ክገድፍ ከም ዝኽእል ግን ኢትዮጵያ ክትስሕቶ የብላን::

4. ግብጺ ንህላዌ ኢትዮጵያ ኣብ'ዚ ዞባ ከም በይነ ዓብላሊ ሓይልን ናይ ምግባት ሸውሃትን ዘለዋ ገይራ ስለ እትርእያን: ንህዳሴ ምህናጽ ግድብ ከኣ ኣብ ክንዲ ብሓባራዊ ጥቕሚ ምጥማት: ንናይ ግብጺ ህላዌ ኣብ ሓደጋ ብምእታው ከም መፈራርሒ ከም እትጥቀመሉ ገይራ ስለ እትወስዶ: ንኢትዮጵያ ኣብ ምድኻምን ጸጥታዊ ርግኣት ኣብ ምስራሕ ዝሰርሕ ግዙፍ ናይ ከባቢና ሓይሊ ንምዃን ኢያ ትሰርሕ ዘላ:: ስለ'ዚ ግብጺ ኣካል ናይ'ቲ ንኢትዮጵያ ንምዝራግ እትኽተሎ መግለጺ መርትየ ኢዩ::

5. ግብጺ ሓንቲ ድኽምትን ርምስትን ነብሳ ዘይተልዕል ኢትዮጵያ ንምርኣይ: ንግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን: ንዘይርጉእ ኩነታት ሶማልን ብምምዝማዝ: ኣንጻር ኢትዮጵያ ክትጥቀመሉ እንከላ: ናይ'ዚ መርኣያ ኸኣ: እግሪ እግሪ ናይ'ቲ ግብጺ ካብ ፈረንሳ ዝዓደገተን መራኽብ: ምስ ኤርትራ ንምቁጽጻር ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ብዝብል ጉልባብ ወትሃደራዊ ስምምዕን: ናይ ጸጥታ ውዕልን ምክያዳ: ነቲ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ታሕሳስ 2009 ብብይን ውሳነ 1907 ዝሓለፈ ናይ እገዳ ውሳኔ ዝጻረር ስጉምቲ ምውሳዳ: ነቲ ባይቶ ጸጥታ ዘሕለፎ ውሳኔ ምጥሓስ ክሳብ ዝኾነ: ግብጺ ነቲ ኩነታት ትምዝምዞ ከም ዘላ ብምርዳእ: ኢትዮጵያ ኣትኲሮ ክትህቦ ዘለዋ ነጥቢ ኢዩ:: ንናይ ሶማል ዝምልከት ጉዳይ 'ውን: ግብጺ ነቲ ኣብ ሶማል ዘሎ ኩነታት ኣንጻር ኢትዮጵያ ኣብ እተካይዶ ረብሓ ንኽጥቀመሉን: ንቀዋሚ ፖሊሲኣ ንምዕዋት ክትብል ንጎይቶት ኩናት ሶማል ሑሴን ፈራሕ ኣይዲድ ከም መሳርሒ ክትጥቀመሉ ትርከብ::

6. ግብጺ: ንፖለቲካዊ ደሞክራስያዊ መሰል ርእሰ ውሳኔ ክሳብ ምንጻል ዝብል መርገጽ ኢትዮጵያ: ጽልዋኣ ንምሕያልን ናይ ዞባዊ ሓይላ ርውየት መምልኢ ገይራ ስለ እትርእዮ: ኣንጻሩ ብትሪ ደው ኢላ ክትከራኽር ትርከብ::

7. ዋንነት ተፋሰስ ማይ ፈለግ ኒል ንኣባላት ናይ'ቲ ከባቢ ሃገራት ብማዕረ ናይ % ርኽበት ኣበርክቶአን ዝበጽሕ ዋንነት ክሳብ ዝሃለወን: ኢትዮጵያ ምስ ግብጺ ናይ ግድን ኣብ ልዝብን ዘተን ክትጽመድ ኣለዋ:: እዚ ናይ ልዝብን ዘተን ኣብዘን ክልተ ሃገራት ዝተሓጸረ ዘይኮነስ: ኩለን ኣባላት ሃገራት ተፋሰስ ፈለግ ማይ ኒል ክሳተፈኦ ዘለወን ዛዕባ ኢዩ:: ኢትዮጵያ ንጉዳይ ተፋሰስ ማይ ፈለግ ኒል ንሓባራዊ ማዕርነታዊ ረብሓ ኣባል ሃገራት ብዘውሕስ መንገዲ: ብፍትሓዊ ኣገባብ ክትፈትሖ ኢያ እትደሊ:: መርገጽ ኢትዮጵያ ነቲ ንዞባ ኣፍሪቃ ዝሕምስን ሕንፍሽፍሽን ናዕብን ዝፈጥር: ንኢትዮጵያ ስግኣትን ነውጽን ዝፈጥር: ከም ናይ ሶማላን ኤርትራን ንዘሎ ህልዊ ክስተት ዘሎ ናይ ዕላማ ምዝባዕ ደው ንምባል: ግብጺ ኣበርቲዓ ምስ ኢትዮጵያ ብምኽኣን ናይ ሕብረት ስራሕ ክትሰርሕ ግዴታ ኣለዋ::

8. ግብጺ ብኽልተ ዝብልሑ ካራ ብዘለዋ ኣባልነት ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን: ማሕበር ሃገራት ዓረብን ክልተ ገጽ ሒዛ ኣንጻር ኢትዮጵያ እትገብሮ ቀንጻሊ ፖለቲካዊ መናውራ: ኢትዮጵያ ብስኽቓታ እትርእዮ ጉዳይ ኣይኮነትን:: ግብጺ 'ውን ኢትዮጵያ ብስኽቓታ ክትርእየኒ ኢያ ኢላ ብምሕሳብ: ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ኣዕናዊ ናይ ተጻብኦ ፖሊስታታ ንምትግባር እንተነጢፋን መስርሕ ዕንወታ እንተቐጺላቶን: ኢትዮጵያ ንተግባራት ግብጺ መዐገሲ ዝኸውን ስጉምቲ ንምውሳድ ዘይተሓለለ ጻዕሪ ከተካይድ ምኽና ክትግንዘቦ ኣለዋ:: ክንዲ ዝኾነ ግብጺ ቀጻልነት ቁጠባዊ ረብሓታት ንምሕላው: ዝምድናታታ ምስ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ምሕላው: ጥንቅቕትን ሓላፍነታዊትን ክትከውን ኣለዋ::

9. ኢትዮጵያ ከም ሓንቲ ሕመረት መስራቲት ሕብረት ኣፍሪቃ መጠን: ኣብ እምነ ኩርንዕ ፖሊሲኣ ብኣፍሪቃዊ ክውንነት እትግደስ ምንጪ እቲ ዘይሰዓር ጸሊም ኣፍሪቃዊ ምኽና ርእሰ ግሉጽ ክኸውን ዘለዎ መሰረታዊ ነጥቢ ኢዩ:: ቤት ጽሕፈት ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ መዲና ኢትዮጵያ ዝኾነት ከተማ ኣዲስ ኣበባ ምድኳኑ ኸኣ: ንህላዌ ምርግጋጽ ህላዌ ዚባዊ ሓይሊ ኢትዮጵያ ኣብ'ዚ ከባቢ ዕዘት ዝህቦ መሰረት ሓደ ኢዩ::

11 ኢትዮጵያ ነቲ ሃገራት ተፋሰስ ማያት ፈለግ ኒል: ምስ ግብጺ ተራጻሚ ረብሓ ንዘለወን ሃገራት ጽልዋ ኢትዮጵያ ንምሕያልን: ዝምድናታት ንምብርባርን ኣበርቲዓ ካብ እትሰርሓሉ መደባታ ኢዩ ክኸውን ዘለዎ::

## ስነ ፍልጠታዊ ትህይሰ ትንታነ ኣብ ሰነድ ኢትዮጵያ:-

ኢትዮጵያ ንዘቕረበቶ ነባሪ ስትራተጂካዊ ፖሊሲ ወጻኢ ጉዳያት: ንቕማሬ ትሕዝቶኡ ንምህያስን ምትንታንን ኣገዳሲ ኾይኑ ኣብ እንረኽበሉ ወቕቲ: ንመሰረታዊ መቦቆላዊ ጽንሰ-ሓሳብ

*ስትራተጂካዊ ፖሊሲ ሰነዳት ኢትዮጵያ፡ በዚ ዝስዕብ ዕያረታቱ ምምዛኑ ግቡእ ኢዩ ንብል፡፡ ናይ'ዚ ኩነተ ቅዉም ስትራተጂ ፖሊሲ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ፡ ካብ ስምዒትን ድፌኢት ዕቁብ ፖለቲካዊ ሕሳባትን ወጻኢ ክንህይስ ኢዩ ምርጫና፡፡ ነዚ ኸኣ ነቲ ኩነታት ከም ዘለዎ ዘማእዝነና ፡ ነጸብራቕ ናይ'ቲ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ባይታ እትገብሮ ምንቅስቓስ፡ ቅድምን ድሕሪን መጻእን ኣግሊሑ ዘርእን፡ ንድፌኢት ግብራዊ ስጉምትታና መዐቀኒ ዝኾነና ባዮ-ፖለቲካዊ ሜትር ክንውንን የኽእለና፡፡ ጉዕዞ መርገጽ ነባሪ ስትራተጂ ፖሊሲ ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራ ኸኣ፡ ብንጹር ብኸመይ ይብድህ ኣሎ ሚዛን መዐይሪና ኣብ ምስትኽኻል ይሕግዘና፡፡ ስለ ዝኾነ ኣብ'ዚ ሰነድ ሰፌሮም ካብ ዘለዉ ነጥብታት ብንጹር ኣብ ሓሙሽተ ነጥብታት ዘጠቓለለ ኢዩ፡፡*

1. *ሚስጢር ህላዌ ኢትዮጵያ ኣብ ምስረታ ውሽጣዊ ሓርነታዊ ፖሊሲ ዘትከለ ቀዋሚ ስትራተጂ ምርግጋጽ ዘይኮነ፡ ኣብ ናይ ምድባርን-ምድንባርን ዝተሰረተ፡ ናይ በትርን-ካሮትን፡ ናይ ኣዛዝን -ተኣዛዝን፡ ናይ ሽቓልን-ኣሽቃልን ዘይርትዓዊ ፖሊሲኣ ብምኽታል ናይ ዝረኸበቶ ቀዋምነት ዘይብሉ ኣብ ውሽጣዊ ዋንነት ርእሰ ምርኮሳኣ ዘይተሰረተ ናይ ልግሲ ቁጠባ፡ ቅልጽማ እንተሕበጠት ዝሓየለት ስለ ዝመስላ፡ ንእትኽተሎን እትስዕቦን ኣካይዳ ዓይና ሽፊና ክትጎዩ እትፍትን፡ ምዕራፍ መዓልቦ ጉያኣ ዘይሰርዐት፡ ናይቶም ብፖለቲካ ናይ ዝተዳኸሙ ድኽምቲ መተኣኻኸቢት፡ ናይ ዝተበታተኸ ዝተበረዘ ፖለቲካ እተሳሲ፡ ህላዌኣ ኣብ እንግድዓ ክድምናኣ ኣንቢራ ቅድሚት ናይ ድሕሪት እትግስግስ ዘላ ብምኽኗና፡-*

2. *ኢትዮጵያ ነቲ ብዝሓለፉ ምምሕዳራት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ከም መልሕቕ ዞባዊ ሓይሊ ዝርኢ ፖሊሲ ብምምዝማዝ፡ ምስ'ቲ ኣብ* 50 *ታታ ካብቶም ዝሓለፉ ምምሕዳራት ጻዕዳ ገዛ* (*ዋይት ሃውስ*) *ከም ቀዋሚት ኣላይ ንኽትረኽ ዝተዋህባ ናይ ክድምና ዕዮ ብጽሒት ሕርሕራይ ገይራ ስለ ዝተለማመደቶ፡ ነባሪ ስትራተጂካዊ ፖሊስ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ሕመረት መልሕቕነት ኣሜሪካ ተሞርኪሳ ኢያ ነቲ ረቂቕ ንድፌ ፖሊሲኣ ሓንጺጻቶ፡ ዛዕባ ትግባሬ ናይ'ቲ ፖሊሲ ኸኣ፡ ብጉልባብ ምኽኒት ምክልኻል ግብረ ሽበራን፡ ምዝራእ ደሞክራስን ዓብላልነታ ንምርግጋጽ ኢያ ኢትዮጵያ ናይ ክድምና ሞያ ውክልና ወሲዳ እትሰርሕ ዘላ፡፡*

3. *ኢትዮጵያ ንምንጪ ነባሪ ስትራተጂካዊ ፖሊሲ ወጻኢ ጉዳያታ ብጉጉይ ቅማሬ ናይ ብዝሒ ህዝባ ምርኩስ ብምግባር፡ ደም-ንገንዘብ፡ ደም-ንስልጣን፡ ደም-ንፖለቲካ ዝብል መርሓ ብምኽታል፡ ሓልዮት ህዝባ ከየቐደመት በትረ ስልጣን ንምትፍናን ኣህዛብ ዝብም ሜላ ሒዛ እትጓዓዝ ዘላ ሃገር ኢያ፡፡*

4. *ፖለቲካውያን መራሕቲ ኢትዮጵያ፡ ካብ'ቲ መስፍነ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ዝብገስ፡ ናይ* 3000 *ዓመት ጽውጽዋይ ታሪኽ ዝምንጩን፡ ነቲ ኢትዮጵያ ሓንቲ ካብተን ብባዕዲ ዘይተገዝኣ ሃገራት ኣፍሪቃ ኢያ ብማለት፡ ነቲ ጣልያን ወሪራ ዝሓዘታን ንሓሙሽተ ዓመት ዝገዝኣታን መቐን ግዜ ብምኽሓድ፡ ሚዛን መኽሰቡን ክሳርኡን ከይገምገመት ፖለቲካውን ወትሃደራውን ዕንደራታት ተካይድ ምህላዋ፡ ኢትዮጵያ ናይ ሕጂ ዕዮኣ ዘይኮነ፡ ንመጻኢ ከናብራ ዝኽእል ቀጻልነቱ ዝሓለወ ርጉእ ኣካይዳ ዘይትውንን ሃገር ኢያ፡፡*

5. *ንዝኽሰት ተርእዮ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ውልቀ ከይዲ መውሰቦን፡ ሃገራዊ መንነትን ሓዊውስካ ንኩነታት ወሊድ ውልቀ-ሰባት፡ ናብ ሃገርዊ ሕብረት ምጽንባር ዝሸይድ ስዉር ኩናት ምክያድ፡፡*

I. *ኢትዮጵያ ታሪኻውን ፖለቲካውን ወትሃደራውን ጌጋታት ፈጺማ ኣላ፡፡ ስለ'ዚ ብወገና ኣብ'ቲ ኤርትራ ብዝምልከት ኣብ ሰነድ ኢትዮጵያ ቀሪቡ ዘሎ ጥራይ ኢና ነቐፌታዊ ትንታነ ከነቕርብ፡፡*

*መቦቆል ቀቢጻዊ ናይ ሕንከት ፖሊሲ ኢትዮጵያ መበገሲኡን፡ ናይ ኣሜሪካ መርገጽን ሕልክላኻቱን፡፡*

*ወያነ ድሕሪ ናይ ወርሒ 01-1984 ዝምድናኣ ምስ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ብወግዒ ምቁራጹ: የኢጋራ ይኹን የእዳዋ ናብ መሬት ኤርትራ ገጻ ኣይተንቀሳቐሰትን:: ኣብ ዝኾነ ድሕሪ 1984 ዝቐጸለ ሓርነታዊ ኲናት ኤርትራ ኸኣ ኣይተሳተፈትን::

*ኣብ ድሮ ዛዛሚ ሓርነታዊ ኲናት: ወያነ ንመላእ ትግራይ ናይ ምቁጽጻር ዓቕምን ብቕዓትን ስለ ዘይነበራ: ኣብ ናይ ሽረ እንዳስላሴ ዘካየደቶ ኲናት ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራ ምስ ወረዳ: ኲነታት ልዕሊ ዓቕማ ይኸይድ ከም ዘሎ ናብ መራሕቲ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ምስ ኣቕረበት: መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ናይ ከቢድ ብረት ኣሃዱታትን: ፍሉይ ናይ ኮማንዶ ኣሃዱን: ገለ ክፋል ኣጋር ሰራዊትን ሓገዝ ሰዲዱ ኢዩ ካብ ድነ ዘል-ኣለማዊ ሞት ኣገላጊሉዋ::

*ወያነ ሕዱር ሕሳባ ኣብ ጉዳይ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ብምትኻር: ንናይ ኢትዮጵያ ኲነተ ኲነት ከም ዘይምልከታን: ንነጻነት ኤርትራ ኸኣ ክትዓግቶ ሓይልን ስልጣንን ከም ዘይብላ ብምምልካት: ኣተኩሮኣ ኣብ ምቁጽጻር ኣፍ-ደገ ባሕሪ ምኻኑ ብምእማን: ኣቡኡ ንዘለዋ ጥሙሕ ኣብ ሚያዝያ 1990: ምስ ኣባል ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካ ዝኾነ ፓወል ቢ ሄንዘ: ኣቦ ወንበር ናይ'ታ ውድብ መለስ ዜናዊ ዘካየዶ ቃለ መሕትት ቅድሑ ጥብቆ ተመልከት:-
https://www.yumpu.com/en/document/view/12059938/paul-henzes-coversations-with-meles-zenawi-ethiopian-observer

*ብደገፍ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ንመላእ ትግራይ ሓራ ዝገበረት ወያነ: ኢትዮጵያውነታ ብዘይምእማና: ትግራይ ሓራ ምስ ኮነት ቃልሰይ ዛዚመ ኢየ ኢላ ምስ የዐመት: መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ንመሪሕነት ወያነ ናብ ሰንዓፈ ብምዕዳም: ህጹጽ ኣኼባ ብምክያድ ናይ ሽዑ ዋና ጸሃፊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ኢትዮጵያውነታ ኣሚና ነቲ ቓልሲ ናብ ማእከል ሃገር ኢትዮጵያ ንኽትቕጽል ዘበራትዓን: ደጊፉ ናብ'ቲ ኢትዮጵያዊ ሓርነት ዘብጽሓን ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኢዩ::

*ኲናት ናብ ወሳኒ ዛዛሚ መድርኽ ቅድሚ ምብጽሑ: ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብመንገዲ ሄርማን ኮሄን: ንዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ተደጋጋሚ ዕድመ ክገብረሉ እንከሎ: ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግምባር እንታይ ይእለም ከም ዘሎ ብምምልካት: ውድባዊ ምትዕርራይ ነካይድ ስለ ዘለና ሕጂ ኣይተዓመናን ብማለት: ግዜ ናይ ምምጣጥ መደብ ኢዩ መሪጹ

*መደብ ሄርማን ኮሄን ንጉዳይ ኤርትራ ምስ መለስ ዜናዊ ከዘራርብ ክምድብ እንከሎ ሒዝዎ ዝነበረ ዛዕባ: ንዋንነት ወደብ ዓሰብ ብዝምልከት: ኢትዮጵያ ብዘይ ናይ ሕቶ ገደብ ክትጥቀመሉን: ኤርትራ ኸኣ ናይ ኮንፌደረሽን ስልጣን ክወሃባ ዝእምም ስልጣን ንምትግባር ኢዩ ነይሩ::

*ኣቐዲሙ ንመደባት ኣሜሪካ ብግቡእ ዘጽንዐ መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር: ብመንገዲ ዋና ጸሓፊኡ ናይ ምምጣጥ ግዜ ዘካይድ ዝነበረ: ኣብ መወዳእታ ናይ ዜሮ ሰዓት ህዝባዊ ሰራዊት ንመላእ ኤርትራ ምስ ተቖጻጸረ: ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ኣብ መደብ ርክብ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ተረኺቡ: ሄርማን ኮሄን ጉዳይ ብወትሃደራዊ ዓወት ህዝባዊ ሰራዊት ምስ ተዛዘመ: ሄርማን ኮሄን ኣብ ውዱእ ግዜ ንዝመጸ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ክቕጽሎ ዝኽእል ዛዕባ ከም ዘይብሉ ኢዩ ገሊጹ:: ብልሒ ፖለቲካ መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ከኣ ኣብ'ዚ ኢዩ ዝንጸር ዘሎ:: ኣብ መፈለምታኡ ርእሳ ዝተወቕዐት ወያነ ኸኣ: ኣብ ዝቕጽል ፖለቲካዊ ቁርቁስ ማእዝና ከተጥፍእ ግድን ኢዩ ነይሩ:: እታ ናይ መጀመርያ ዓባይ ፖለቲካዊ ስዕረት ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: በታ ጌና ሉኡላውነታ ዘየረጋገጸት ዘላ ኤርትራ: እቶም ናይ በረኻ ፖለቲከኛታት ዝበሃሉ መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር: ንሚስጥራዊ ፖለቲካ ኣሜሪካ (ሀ) ኢሎም ዝሰዓሩላ ቀጣን ፈትሊ ናይ'ቲ ዝቐጸለ ዘይብተኽ ሮጊድ ሰንሰለት ኢያ ነይራ:: ኣብ ቅድሚ ፈቶም ኢዩ ኸኣ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ነጻነት ኤርትራ ክዉን ኮይኑ ከም ዘሎ ብወግዒ ዝኣወጀ::

*ህዝባዊ ሰራዊት ቅድሚ ንመላእ ኤርትራ ምሕራሩ: ወያነ ብሓገዝ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ንኢትዮጵያ ምስ ተቖጻጸረታ: መሪሕነት ወያነ ኣፈ-ሙዞም ናብ ኤርትራውያን ንምቕናዕ ኣብ ክልተ ዝተመቕሉሉ ህሞት: ጌና ከተማ ዓሰብ ካብ ጸላኢ ከይተገላገለት እንከላ ኢዩ: ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ነጻነት ኤርትራ ኣብ 24 ግምቦት 1991 ብወግዒ ዝኣወጀ:: እዚ ምእዋጅ ነጻነት ምምስራት ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ 'ውን ዘካተተ ኢዩ ነይሩ::

* ኣብ 15 መስከረም 1991 ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ብቕጺ. 1 ቁ.1. /1991: ኣብ ነጋሪት ጋዜጣ ኤርትራ ንመሰጋገሪ ሕጊ ዝምልከት:- መሰጋገሪ ትካላት ምምሕዳር ፍትሒ: ስቪላዊ ሕጊ: ስቪላዊ ስርዓት ሕጊ: ገበናዊ ሕጊ: ሕጊ ገበናዊ ስርዓት: ሕጊ ንግዲ: ሕጊ ባሕሪ: ሕጊ ዕዮ: ሕጋጋትን ሓይሊ ሕጊ ዘለዎ ትእዛዛትን ሓፈሻዊ ምልክትታትን ዘርጊሑ::

*ኣብ ወርሒ 01/1992 ናይ ወያነ ናይ ምምሕዳር ኣካላት: ካብ ላዕላይ ኣድያቦ: ናብ በድመ ዝርከብ ህዝቢ ጸቕጢ ክፈጥሩ ጀሚሮም:: ነቲ ህዝቢ ምክልባት ከኣ ከም ስረሓም ብምሓዝ: ነቲ ህዝቢ ካብ ዕለታዊ መነባብሮኡ ምዝንባል ተተሓሒዞሞ::

*ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ: ኣብ ለካቲት 1992 ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ነጋሪት ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ዘርጊሑ:: ኣብ ዕለት 07 ሚያዝያ 1992 ቕጺ. 2/1992 ቁ.4 ኣዋጅ ረፈረንዶም ቁ.22/1992 ኣውጺኡ::

*ቀጻልነት ዘለዎ ነባሪ ሰላም ዝጥምት ዝነበረ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ: ነቲ ኣብ ባድመ ዘጋጥም ዘሎ ኩነታት ምእንቲ ሓባራዊ ሰላም ናብ ቀጻሊ ብዘማዕዱ ኣመት: ቀጻሊ ናይ ሰላም እማመኡ ብምትኳር ብህድኣት ክሪኦ መደቡ ኢዩ ነይሩ:: ረፈረንዶም እወ ንነጻነት ዝብል ብናይ ህዝቢ ድምጺ 99.9% ተዛዚሙ::

*ኣብ ዕለት 27-08-1993: ኣብ መንጎ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራን: መሰጋገሪ ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያን: ኣብዘን ዝስዕባ ነጥብታት ሓባራዊ ስምምዕ ኣካይዱ:-

1. ክልቲኦን ሃገራት: ናብ ሓድ-ሕደን ዝቕንዐ ኣንጻራዊ ፖለቲካውን ወትሃደራውን ምትኹታኽ ከየካይዳ:-

2. ክልቲኦን ሃገራት: ኣብ ውሽጣዊ ሃገራዊ ጉዳያተን ዝምልከት ጣልቃ ከይተኣታተዋ:-

3. ክልቲኦን ሃገራት: ዝኾነ ተቓዋሚ ሓይሊ ኣብ ውሽጠን ኣንጻር ሓድ-ሕደን ዝሰርሑ ሓይልታት ከየዕቁባን ከየዋፍራን:-

4. ኣብ ልዕሊ ክልቲኦን ሃገራት: ናይ ግዳም ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ ምስ ዘጋጥም: ክልቲኦን ሃገራት: ናይ ሓባር ወትሃደራዊ ናይ ምክልኻል ሓይሊ ክጥቀማ:-

5. ክልቲኦን ሃገራት: ናይ ሓባር ጸጥታዊ ምትሕብባርን ናይ ሓባር ጸጥታዊ ምክልኻልን ከካይዳ: ተደለይቲ ንዝኾኑ ሰባት ክለዋወጣን ክረኻኸባን:-

* እቲ ዝተኻየደ ሓባራዊ ስምምዕ እዚ ልዒሉ ዝተጠቕሰ እንዳሃለወ እንከሎ ኢያ: ወያነ ነዚ ውዕል'ዚ ዝጠሓሰት:: ዝርዝሩ ንመልከት:-

ሀ. ንውዕል ቁጽሪ ሓደ ወያነ ብተግባር ኢያ ጢሒሳቶ: ምኽንያቱ ብመሰረት ናይ ክልቲኦን ሃገራት ስምምዕ: ወያነ ንኹሎም ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራን ህዝባዊ ግምባርን ንቃልስ ኢና ዝብሉ ሓይልታት ኤርትራ: ወትሃደራን ፖለቲካውን ምትኹታኽ ከካይዱ ኢያ ፈቒዳ:: ነዚ ዘተግብርሉ ወትሃደራዊ መዓስከርን: ናይ ውደባ ንጥፈታትን: ዘይተገደበ ናይ ምንቅስቓስ

መሰላትን: ናይ ንግዲ ንጥፈታትን: ናይ ደጀን ትካላትን ጋራጃትን ፈቒዳትሎም ነይሩ::

ለ. ወያነ: ንመንግስቲ ኤርትራን ህዝባዊ ግምባርን ካብ ስልጣን ክኣልዩ ዝደልዩ ሓይልታት ተቓውሞ ብምሕብሓብ: ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ጣልቃ ብምእታው: ኅስጓስ ንጥፈታታ ቀጺላቶ::

ሐ. ወያነ: ንውዕል ቁጽሪ 3 ሰፊሩ ዘሎ ብምጥሓስ: ኣንጻር ኤርትራ ዝሰርሑ ሓይልታት የዕቂባ ጥራይ ዘይኮነትሲ: እቲ ስምምዕ ትፍርመሉ ዝነበረት ወቕቲ: ኣንጻር ኤርትራ:- ንበዓል ሰደግኤ: ደምሓኤን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ካልኦት ተዕቅብን ተዋፍርን ነይራ::

*መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ብወያነ ዝካየድ ዝነበረ መሰናኽላት ተጻዊሩ ኢዩ: ንኹሉ ብህድኣት ንናይ ሓባር ረብሓ ህዝብታት ዝሰርሕ ዝነበረ:: ተጻብኦ ወያነ ግን: በዚ ኣየኸተመን:: እቲ ናይ ወያነ ናይ ሕንካረ ተግባራት ኣብ ዝቕጽለሉ ዝነበረ ግዜ:-

*ኣብ መወዳእታ 92 መጀመርታ 93 እቲ ኣብ ላዕላይ ኣድያቦን: ከባቢ ባድመን ንዘጋጠመ ምትሕልላኽ ንምህዳእ: ንጉዳይ ምምልካት ዶብ ብዝምልከት: ብወገን ኤርትራ ብዝቐረበ ናይ ዘተ ርክብ ክልቲኦም ወገናት ብማእከሎት ካድረታት ምርኩስ ብምግባር: ንምምልካትን ምንጻርን ዶብ ዝምልከትን ናይ ህዝቢ ናይ ሓባራዊ ጠቕሚ ዘቐድም ዘተ ንምክያድ ብዝተገብረ ጻዊዒት መሰረት ዝርርብ ተኻይዱ::

*ወያነ ነቲ ኩሉ ስምምዓት ብምጥሓስ: ኣብ ዕለት 30-12-1993 ኣብ ዓዲ ሓዞ ሓይልታቱ ብምውፋር: 32 ኣባይቲ ነበርቲ ናይ ዓዲ ብምፍራስ: እቲ ዝተኻየደ ስምምዕ ቀለሙ ከይነቐጸ ናይ ተጻብኦ ስጉምታቱ ቀጺሉ::

*ተጻብኦ ወያነ ብለመምታ እንዳለሓመ ኣብ ለካቲት 19-02-1994: ኣብ ሩባ ተከዘን ሩባ ሰቲትን ሰጊሩ: ኣብ ማይ ኣምበሳ ከባቢ ባድመ ናይ ምጥራር ተግባሩ ቀጺሉ:: ነቲ ሓረስቶት ዝጥቀምሉ ዝነበሩ መሬቶም ከሕድግን: ንነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ በብቑሩብ ክደፍኦምን ከም መተካእታ ብናቱ ምምሕዳራት ናይ ምትካእን ምቁጽጻርን ተጻብኦኡ ቀጺሉ::

*ኣብ ዕለት 20-21 ሓምለ 1994: ብላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ዋና ጸሓፊ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣል-ኣሚን መሓመድ ስዒድ ዝተመርሐ: ብወገን ወያነ ኸኣ: ኣባል ማእከላይ ሽማግለን ምኽትል ዋና ጸሓፊ ህ.ወ.ሓ.ት.ን ኣማኻሪ ቀዳማይ ሚኒስተርን ተወልደ ወልደማርያም: ኣብ ጉዳይ ናይ'ቲ ዘጋጥም ዝነበረ ናይ ዶብ ሽግራት ዝርርብ ተኻይዱ:: ኣብ'ዚን ዝስዕባ ነጥብታት ኸኣ ስምምዕ ተበጺሑ:-

1. ክልቲኦም ወገናት: ንናይ ሓባር ረብሓ ዘቐደመ: ኣብ ሓባራዊ ዝምድና ዘትከለ: ንርክብን ምሕዝነትን ናይ ክልቲኦም ህዝብታት ኣብ ዘጽንዕ መትከላዊ ዕዮ ጸሚዶም ክሰርሑ:: ክልቲኦም ናይ ፖለቲካ ግምባራትን: መንግስታዊ ምምሕዳራትን ካድረታትን: ኣብ ከባቢኦም ንዘጋጥሙ ዘለዉ ጸገማት ንምፍታሕን: ኣብ ነባሪ ፍታሕ ዘተኮረ ናይ ጽምዶ ስርሓት ክሰርሑን: ኣብ ከባቢ ዶባት ንዝምልከት ዘጋጥሙ ጸገማት ቀጥታዊ ናይ ሓበሬታ ምልዉዋጥ ክገብሩ:-

2. ኣብ ኩሉ ንኽልቲኣን ሃገራት ዘለዋ ዓድታትን ነበርቲ ህዝብን: ክልቲኦም ወገናት ናይ ሓባር ጠቕምን ሓባራዊ ባህላዊ ምትእስሳርን: ምእንቲ ረብሓ ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ምፍታሕ ሽግር ናይ'ቲ ጸገም ከተኩራን: ናብ ረጽሚ ዘብጽሕ ኩነት ንምውጋድ: ወግዓዊ ክልቲኦም መንግስታዊ ወገናት ኣበርቲዖም ክሰርሑን: ናይ ክልቲኦም ሸነኽ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ግምባራትን: ምምሕዳራዊ ትካላትን: ነቲ ኣብ ከከባቢ ዶባቶም ዘጋጥም ዘይምርድዳእን ምስሕሓብን: ብትርን ጽንዕቶን ንኹሉ ኣፍራሲ ጉዳያት ብምንጻግ: ናብ ሓባራዊ ዝምድናን ነባሪ ሰላምን ዘተኮረ መደብ ክሰርሓ:-

3. ናይ ክልቲኡ ወገን ካድረታት: ንህልዊ ኩነታት ናይ'ዚ ጉዳይ ኣብ ዝምልከት ዝረአ

ምዕባሌታት ንምክትታልን፡ ካብ ክስዕብ ዝኽእል ኣሉታዊ ምዕባሌታት ንምቁጽጻርን፡ ኣብ ዶብ ዝርከቡ ናይ ክልቲኡ ሸነኽ ካድረታት፡ ንናይ ሓባራዊ ጠቕሚ ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ነፍስ-ወከፍ ሰለስተ ወርሒ ኣኼባታትን ርክባትን ከካይዱ፡ ነቲ ዝበጽሕዎ ጉዳያት ዝዘተይሉ ኩነታትን ከኣ፡ ናብ'ቲ ዝመዘዞም ላዕለዋይ ኣካል ቅዳሕ ጸብጻባቶም ከሕልፉን፡-

* ድሕሪ ቦታ ርክብ ምምራጹ ክልተ ናይ ዝርርብ ሰሌዳ ተሰሪዑ፡፡ ኣብ 1ይ ርክብ ወያነ ሉኡኻታ ኣብ ዕለተ ቆጸራ ርክብ ብዘይምርካባ፡ እቲ ዘተ ምኽያድ ክፈሽል እንከሎ፡ ብዕለት 15-11-1994 ኣብ ዝተኻየደ ብድምጺ ኣብ ዝተቐርጸ ሰነድ ዘነጽሮ ሓቅታታ፡ ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ክልቲኡ ርክብ ብደረጃ ላዕለዋይ ልኡኽ ክቐርብ እንከሎ፡ ወያነ ዝምልከቶም ላዕለዎት ሉኡኻቱ ብዘይምቕራቡ እቲ ርክብ ብዘይ ፍረ ተበቲኑ፡፡

* ኣብ ተመሳሳሊ መስርሕ ዓመተ 1995 ወያነ ቀጻሊ ናይ ምትኹታኽን፡ ናይ ዶብ ምጥራርን መስርሓ ብምቕጻል፡ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ናብ መሬት ኤርትራ ናይ ምስፍሕፋሕ መደባታ ቀጺላቶ፡፡

* ኣብ ዓመተ 1996 ወያነ፡ ወግዓዊ ኣንጻር ኤርትራ ዝቐንዐ ናይ ፕሮፖጋንዳዊ ዘመተን፡ ጥሕሰት ናይ ዝተኻየዱ ኩለንትናዊ ስምምዓት ወትሃደራዊ ጎበጣ ኣብ ልዕሊ ሉኡላዊ መሬት ኣኤርትራ ምክያድ ተተሓሒዛቶ፡፡ ካብ'ቲ ብዙሕ ንገለ ምዝርዛሩ፡-

ሀ. ኣብ ዕለት 07-06-1996፡ ኣብ ዓዲ ማሕራይ ጢሒሳ ብምእታው፡ 12 ዓድታታ ናይ'ቲ ከባቢ ተቆጻጺራ፡፡

ለ. ኣብ ዕለት 19-07-1996፡ ሽዱሽተ ኣባላት ወትሃደራዊ ሓያልታት ወያነ፡ ናብ ገዛ ሽሪፈይ ብምእታው ን34 ሓረስቶት፡ ካብ'ቲ ንልዕሊ 20 ዓመታት ዝተቐመጥሉ መንበሪ መረበቶም ብምልቓቕ ኣከላቢቶም፡ ነቲ ስቪላዊ ምምሕዳር ብምፍራስ፡ ኣብ ሉኡላዊ መሬት ኤርትራ ዘተደላዩ ዘይሕጋዊ ተግባር ኣብ'ቲ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ፈጺሞም፡፡

ሐ. ኣብ ዕለት 04-08-1996፡ ዓስርተው ሽዱሽተ ኣባላት ሰራዊት ወያነ ዘካተተ ሓይሊ ደጊሙ ናብ ገዛ ወዲ ሽሪፈይ ብምእታው፡ ንሰለስተ ምምሕዳራዊ ትካላት ብምፍራስ፡ እንተላይ ነቲ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ዝጥቀማሉ ዝነበራ ኣፍሪስዎ፡፡

መ. ኣብ 17-08-1996፡ ናይ 24 ሓስቶት ዓዲ ማሕራይ 66 ሄክታር ስፍሓት መሬት ብምምንዛዕ፡ ካብ'ቲ ሓሪሶም ንደቆም ዝዕንግሉሉ ዝነበሩ ናይ ሕርሻ ቦቶኦም ኣመዛቢሎሞም፡፡

ሰ. ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት 17-08-1996፡ ወያነ ን29 ሓረስቶት ደምበ ሕምብርቲ ብምምዝባል፡ ብናይ ወያነ ናይ ምምሕዳር ትካላትን ወትሃደራውያን ሓይልታት ኣዕናዊ ተግባር ተኻይድሎም፡፡

ረ. ብጠቕላላ ኣብ ዓመተ 1996 ጥራይ፡ ወያነ ክሳብ 18 ዝበጽሕ ንዝተበጽሐ ስምምዓትን፡ ንናይ ክልቲኡ ሃገራት ዝምድና ዘሐሽክርን ተመሳሳሊ ስጉምትታት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ወሲዱ፡፡

* ናይ ወያነ ናይ ተጻብኦ ሓልክታት በብመዓልቱ ሰማይ እንዳዓረገ ኣብ ዝኸደሉ ዝነበረ ህሞት፡ ነቲ ጉዳይ ናብ ንቡር ቦትኡ ንምምላስ ዝሃቀነ፡ ኣብ ዓመተ 1997 ወግዓዊ ሓባራዊ ናይ ዘተ ርክብ ኣብ  ክልል ትግራይ ኣብ ሽረ ተኻይዱ፡፡ ዕላማ ናይ'ቲ ዘተ ኸኣ፡ ክሳብ'ቲ ነባሪ ፍታሕ ዝመጽእ፡ ናብ'ቲ ነባሪ መሰረታዊ ናይ ፍታሕ ቀጥዒ ዘብጽሕ መባእታዊ ናይ ሰላም መፍትሒ ዘተ ንምክያድ ዘ'ኽእል ባይታ ዘጣጥሕ ናይ ርክብ ባይታ ተኻይዱ፡፡ ብወገን ኢትዮጵያ ምኽትል ፕረዚደንት ክልል ትግራይ ኣቶ ጸጋይ በርሀ ክምራሕ እንከሎ፡ ብወገን ኤርትራ ምኽትል ኣማሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣቶ ተስፋሚካኤል ገብረመድህን ንኽልተ መዓልቲ፡ ካብ 20-21-ሚያዝያ 1997፡ ብዛዕባ ኩሎም ናይ ዶብ ጉዳያት ዘጠቓለሉ ናይ ዘተ ምልውዋጥ ተኻይድሎም፡፡

ኣብ'ቲ ዝርርብ ወኪል ኤርትራ፡ ነቲ ብምምሕዳር ክልል ትግራይ ዝውሰድ ዘሎ ግህሰት ሉኡላዊ መሬት ኤርትራ ይካየድ ብምህላዉ፡ ብቕጽበት ደው ዝብለሉ ኩነታት ክፍጠር፡ ዝምድናታት ነበርቲ ናይ ክልቲኡ ዶባት፡ ህዝቢ ብሰላም ዝነብሩለን ምምሕዳራት ክልቲኡ ሃገራት ናብ ንቡር ተመሊሶም፡፡ ንናይ ሓባራዊ ጠቕሚ ዝሰርሕሉ ኩነታት ክፍጠር ሓሳባቱ ብትሪ ኣቕሪቡ፡፡ ኩሉ ናይ ተጻብኦ እንክሒራታት ብቅጽበት ደው ክብል ጠሊቡ፡፡

ልኡኽ ወያነ ብወገኑ፡ እቲ ናይ ዶብ ሕንጻጽ ካብቲ ኣብ ዓመት 1986-87፡ ህዝባዊ ግምባር ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ ኣብ ክንዲ ብጉዳይ ባድመ እንጨቓጨቕ፡ ብቐንዱ ዝሰፈሐ መሬት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእታዊ ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ስለ ዘሎ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ነቲ ናይ ሓባር ጸላኢ ንምቅላስን ንምድምሳስን፡ ናብ ናይ ሓባር ጸላኢ ነተኩር፡፡ ጉዳይ ባድመ ብህጹጽ የገድሰና ኢዩ ትብሉ እንተኾንኩም፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ክንዛተየሉ እዋኑ ብዘይ ምዃኑ፡ ቀደምትነት ስለ ዘይንህቦ ፡ ድሕሪ መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ካብ ኤርትራ ተሓግሒጉ ምውጽኡ ነርክበሉ፡፡ ብወገና ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ቀደምትነትና ንናይ ሓባር ጸላኢ ምቅላስ ኢዩ ዝብል፡ ብህዝባዊ ግምባር ተዋሂቡ ንዝነበረ ፍታሕ 1986-87፡ ከም መሰረታዊ ኤርትራ ንባድመ ከም ናይ ኢትዮጵያ ግዝኣት ከም ዝተቐበለት ኣምሲልካ ብምቕራብ፡ መበገሲ ጉዳይ ምስሕሓብ ባድመ፡ እቲ ኣብ 1986-87፡ ህዝባዊ ግምባር ቀደምትነት ዘይሃቦ ምምሕዳር ባድመ ብወያነ ከም ቅቡል ብምውሳድ፡ (ኣብ'ዚ ክንጸር ዘለዎ፡ ኣብ'ቲ እዋን ህዝባዊ ግምባር ንወያነ ምሉእ ብምሉእ ከም ኣካል ክልላዊ ግዝኣቶም ከመሓድርዎ ኣይፈቐደን፡፡ ወያነ 'ዉን ብቐዋምነት ንባድመ ኣየመሓደርዎን፡፡ ናብ ባድመ ኣተውትን ወጻእቲ ኢዮም ነይሮም፡፡) ሓደ ነቲ ጉዳይ ዘጽንዕ ንኡስ ኮሚቴ ብምቛም ክረአ ከም ዘለዎ ንዝብል ሓሳብ ኣቕሪቡ፡፡

*ብመሰረት ናይ ሽረ ዝርርብ፡ ግርጭታት ዶብ እተዕርፍ ንኡስ ኮሚቴ ርክብ፡ ኣብ ዕለት 22-27-ሰነ 1997 ደጊሙ ክካየድ እንክሎ፡ ንምምልካት ዶብ ኣመልኪቱ ኢዩ ተመያይጡ፡፡ ኣብ'ቲ ርክብ ሉኡኽ ኢትዮጵያ ውህብ ኩነት ንምፍጣር፡ በይንኣዊ ስጉምቲ ብምውሳድ ዶብ ናይ ምምሕያሽ ፈተነ ኣካይዱ፡፡ እንተኾነ ልኡኽ ኤርትራ ኣህጉራዊ ዶብ ንምምልካት በይንኣዊ ስጉምቲ ምውሳድ ንጹግ ምዃኑ ኣስሚሪሉ፡፡ ነቲ 40 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ዘሰሓሕብ ዘሎ ናይ ዶብ ጉዳይ ከኣ፡ ከም ነጥቢ ኣቕሪቡዎ፡፡ ኣብ'ቲ ናይ ዕለት 22 ርክብ፡ ልኡኽ ወያነ ነቲ ሓሳብ ተቐቢልዎ ነይሩ፡፡ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ 'ውን ነቲ ሓሳብ ብመትከል ብምቕባል፡ ነቲ ናይ ዶብ ሕንጻጽን ዘዘራርብ ዘሎ ጉዳይ ኣብ ባይታ ከይዱ ብምምልካት፡ ብኣካል በጺሒዎን ኮለላ ገይሩ ተመልኪትዎን፡፡

2 ይ ክፋል
ኣብ ዝቕጽል

ግዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት!!!

gdusattsenatsenti@gmail.com